# ናይ "ሰለስቲአን ሕቶታት ቀብሪ" መብራህርሂ

ብኸቡር ሸይኽ:
**ሙሐመድ ቢን ዓብዱል ወሃብ ቢን ሱለይማን አት-ተሚሚይ**
ረቢ ይርሓመሉን መንበሪኡ የግፍሐሉን

ምድላው ብኸቡር ሸይኽ:
**ሀይሠም ቢን ሙሓመድ ጀሚል ሰርሓን**
አብ ኸቡር መስጅድ ነበውይ -ሕሉፍ- መምህርን ናይ ታእሲለል ዒልምይ ዌብ በዓል ዋናን

http://attasseel-alelmi.com

ተርጓም፡
**ሙሓመድ ማሕሙድ/ራያ**

ንዑኡን ንወለዱን ኺታቡ ንኽወፅእ ሓገዝ ንዝገበረን ኩሉ ረቢ ምሕረት ይሃቦ

ብሽም ኣላህ ኣዝዩ ራህራህን ኣዝዩ ዝሓዝንን

ኩሉ ምስግና ንኣላህ ይኹን ፤ ነመስግኖ፣ ረድኤቱን ምሕረቱን ንልምኖ፣ ካብ ኽፍኣት ነፍስናን ሕማቅ ስራሕትናን ብኣላህ ንሕሎ፤ ኣላህ ንዝመርሖ ዘጋጊ የብሉን፤ ንዘጋገዮ `ውን መራሒ የብሉን፤ ብዜካ ኣላህ ናይ ብሓቂ ዝግዝኡዎ ወላ ሓደ ኸምዘየሎ፤ ብሕታውን መሻርኽቲ ዘይብሉን ምኳኑ ሙሓመድ ﷺ ድማ ባርያኡን ልኡኹን ምኳኖም ይምስክር። ብምቅፃል፡

# ናይ መብራህርሂ መእተዊ

## ናይዚ ፅሑፍ ፀሓፋይ

ሸይኹል ኢስላም፤ ናይ ዳዕዋ ተውሒድ ሙጀዲድ፤ ኢማም ሙሓመድ ቢን ዓብዱል ወሃብ ቢን ሱለይማን ኣት-ተሚሚይ ፤ ብኻሊእ ሽሞም ኣቡ-ል-ሑሰይን ይበሃሉ።

ብመንደር ዑየይና ብ 1115 ዓ. ሒ. ተወሊዶም ዝሞቱሉ ድማ ብ1206 ዓ. ሒ. ኣብ መንደር ዲርዒያ እዩ።

### ንምንታይ ኢና ብዛዕባ ተውሒድ ንመሃር?

- ኣሏህ ንዓና ዝፈጠረሉ ምኽንያት ብምኳኑ
- ብዜካኡ ኣላህ ዝኾነ ዓይነት ስራሕ ስለዘይቅበል
- ብዜካ ተውሒድ ዘለዎ ጀነት ስለዘይኣቱ
- ፅቡቅ ስራሕቲ ንኽበዝሕ ሰበብ ስለዝኾነ
- ሓጢኣት ንኽነስርዝ ሰበብ ስለዝኾነ
- ንኽንምራሕን ንህዱእ ሰላምን ምኽንያት ስለዝኾነ
- ንራህዋ ሰበብ ስለዝኾነ
- ሽፈዓ ነብይና ﷺ ንምርካብ ምኽንያት ብምኳኑ

## ቅድሚ ኹሉ እዚ ሙህሮ ዝተመረፀሉ መሰረታዊ አገዳስነት

ቀዳሞት ሷሊሕ አቦታትናን ኻልኦት ናይ አህሉ ሱና ወልጀማዓህ ዑለማታትን ነዚ ዓብይ በረካ ረቢ ዝተውሃቦ ፅሑፍ ዓብይ ጠመተ ዝሃቡሉ ምኽንያት ብዘለዎ ጥቅምን ዓበይቲ ረብሓታትን እዩ። እዚአ ሓደ ዒልሚ ዝደሊ ሰብ መሰረቱ ገይሩ ኽጓዓዘላን ዝአከቦ ሸሪዓዊ ፍልጠቱ ኽህንፀላን ዝግበኦ ዝኾነት መራሒ ቃል እያ። ንሕና `ውን በዚ አካይደኦም ከም መርአያ ንሕዞም ደድሕሪኦም `ውን ንስዕብ።

* ከምቲ ንብዙሓት ምእመናን `ውን በቲ ብውሽጡ ሒዙዎ ንዘሎ ካብ ምምሃር፣ ምፍላጥን ጥርጣረን ባእ ባእን ዘይብሉ ቁርፅ ዝበለ እምነት ኽአምንን ዘየገድሶም ከምዘይበሃለሉ።

## እዚ ኺታብ (ከም ብሓፈሻ ኪታብ ናይ ሸይኽ) ብዝስዕቡ ይፍለ፡

- ግልፅን ቀሊልን ብም኿ኑ
- (ካብቲ ፅሑፍ ንርደኦም) ሓበሬታታት ምስ መርትዖኦም ብምቅራብ
- ሓበሬታታት ብቅደም ሰዓቦምን ተር ብምባልን ምስምዝካር ብዝህቦ መብርሂ
- ነተን ፅሑፋት ንዘንብብን ንዝሰምዕን ሰብ ዱዓ ብምብዛሕ

## ፍታሕ ናይ ሰለስቲአን መሰረታት

ሰለስቲአን መሰረታት ማለት ሕፅር ብዝበለ ሰለስቲአን ሕቶታት ቀብሪ ማለት እዩ።

- መን እዩ ጎይታኻ?
- ሃይማኖትኻ እንታይ እዩ?
- ነብይኻ ኸ መን እዩ?

## ሰለስቲአን መሰረታት ካብ ምምሃርና ንረኽቦም ፍርያት እንታይ እንታይ እዮም?

ንስኻሲ ሰለስቲአን መሰረታት እንተተማሂርካየን፣ ካብኡ ድማ አብ ግብሪ እንተውዒልካየን፣ ካብኡ ድማ ናብአተን ፃውዒት እንተጌርካ፤ ካብኡ አብ ከይዳ ፍልጠቱ፣ ስርሑን ፃውዒቱን ሰብሪ እንተጌርካ -ብፍቃድ ረቢ- ንሕቶታት ቀብር መልሲ ትህበለን ኢኻ ማለት እዩ።

**ሓፈሻዊ መውፅኢ ናይ “ሰለስቲአን መሰረታት”**

**እዚ ፅሑፍ ሰለስተ ክፍሊ አለዎ። ንሳቶም `ውን**

- አርባዕቲአን ቁምነገራት (ሱረቱ-ል ዓስር)
- ሰለስቲአን ነጥቢታት (ክፍልታት ተውሒድ)
- ተውሒድ ናይ ምምሃር አገዳስበት
- ሰለስቲአን መሰረታት (ሕቶታት ቀብሪ)
- መዛዘሚ

## 1.ኣርባዕቲኦን ቁምነገራት

- ፍልጠት
- ብዝፈለጥካዮ ምስራሕ
- ናብኡ ፃውዒት ምግባር
- ሸዑ ንዘዳንፍ ፅዕንቶ ሰብሪ ምግባር

## 2.ሰለስቲኦን ቁምነገራት

- [ኣላህ] ብናይ ጎይታ መንነቱን ሽምን ባህርያቱን ዘለዎ ብሕታውነት
- ብናይ ኣምላኽ መንነቱ ዘለዎ ብሕታውነት
- ካብ ሽርክን ሰባት ሽርክን (ብልቢ፣ ብልሳንን ኣካልን) ዝፀረኻ ምኟን

## 3.ተውሒድ ናይ ምምሃር ኣገዳስነት

ንምንታይ ኢና ብዛዕባ ተውሒድ ንመሃር? ኣብ ዝብል ሕቶ መልሲ ተዋሂቡሉ እዩ።

## 4. ሰለስቲኦን መሰረታት

ሰለስቲኦን መሰረታት ማለት ሕፀር ብዝበለ ሰለስቲኦን ሕቶታት ቀብሪ ማለት እዩ።

- መን እዩ ጎይታኻ?
- ሃይማኖትካ ኸ እንታይ እዩ?
- ነብይኻ ኸ መን እዮም?

## 5. መዛዘሚ

ካብ ቃል ሸይኽ "ሰባት ድሕሪ ሞቶም ይትስኡ" ክሳብ መወዳእታ።

# ፈላማይ: አርባዕቲአን ቑምነገራት

ብሽም አላህ አዝዩ ራህራህን አዝዩ ዝሓዝንን (1)
**ፍለጥ**–ረቢ ይርሓመልካ`ሞ- (2) እዚአን አርባዕቲአን ቑምነገራት ክንመሃር ግቡእና እዩ:
**ቀዳማይ ፍልጠት**:እዚ `ውን ጎይታኻ ምፍላጥ፣ ነብዩ ﷺ ን ዲነል ኢስላምን ብመርትዖ ምፍላጥ እዩ።

**ኻልአይ**: ብኡ ምስራሕ (3)".

(1) ሸይኽ ፅሑፎም ብቢስሚላህ ዝጀመሩሉ ምኽንያት

- ብኺታብ አላህን ብነብያትን (ዓለይሂሙ ሰላም) ከምምራሕ
- ቅድሜኡ ፅሑፋቶም ብቢስሚላህ ዝጅምሩ ብዝነበሩ ዑለማታትን ቀዳሞትን ከም ምስዓብ
- ብኽቡር ሽም አላህ በረካ ከም ምድላይ

(2) ቅድሚ እዋናት ከምዝሓበርናዮ ከምቲ ልሙድ ሸይኽ ፍልጠት ንዝደልዩ ዱዓእ ምግባር ይጅምሩ እዮም ዘለው። እዚ ድማ ዝስዕቡ ሓበሬታታት ይህበና:

- ዑለማታት አህለ ሱና ወልጀማዓህ ንተምሃሮኦም ዘለዎም ራሕማ
- መሰረት ዲነል ኢስላም ካብ ብሱሩ ራሕማ ምኳኑ

**ፍልጠት:** ኽበሃል ከሎ ሓቂ ዝኾነ ነገር ብመርትዖኡ ምፍላጥ እዩ፤ ተፃራሪኡ ዘይምፍላጥ እዩ።

**(3)** ብዛዕባ ፍልጠትን ተግባሩን ዘለዎ ምትእስሳር ዝስዕብ ተባሂሉ እዩ: "ፍልጠት ንተግባር ፃውዒት ይገብረሉ፤ መልሲ እንተሂቡዎ ይቅፀል፣ እንተዘይኾነ ግን ይገድፎ።" ምስ ተግባሩ ዘይተአሳሰረ ፍልጠት ረብሓ ዘይብሉ እዩ። ካብ ፈለጠ ኽሰርሓሉ ይግባእ። እንተዘይኾይኑ ግን ናይ ይሁዳ ተመሳሳልነት አለዎ። ምኽንያቱ ይሁዳታት ፍልጠት አለዎም ግን ምግባሩ የብሎምን። አላህ {አወዳት ውላዶም ከምዝፈልጡ እዮም (ንሙሓመድ) ዝፈልጡዎ።} (አል በቀራህ 146) ኢሉ ከም ዝሓበረና ማለት እዩ።

ቅድሚ ኹሉ ሓዊ ትቃፃፀሎም ሰለስተ እዮም። ካብዚኦም ድማ ፍልጠት ዘለዎ ዓሊም ኮይኑ ብኡ ዘይሰርሐሉ ሓደ እዩ:

*ፍልጠት እናሃለዎ ብፍልጠቱ ዘይሰርሐ* *ቅድሚ ጣኦት ዘምልኹ ንመቅፃዕቲ ተቃልዐ*

**ሳልሳይ:** ናብኡ ፃውዒት ምግባር

ናብ አላህ ንዝግበር ፃውዒት ግድን ጠጠው ዝብለሉ መሰረታትን ቅድመ ኩነታትን አለውዎ፤ ካብቶም አገደስቲ:

- እቲ ፃውዒት ሞገስ ረቢ ጥራይ ዝተደለየሉ ክኸውን ይግባእ
- እቲ ፃውዒት አብ ሸሪዓዊ ፍልጠት ዝተደረተ ክኸውን ይግባእ
- እቲ ፃውዒት ብጥበብን ሰብረን ክኸውን ይግባእ
- ፃውዒት ናይ ዝግበረሎም ሰባት ኩነታት ዝሓለወ ክኸውን አለዎ

## ለነዚህ ቅድመ መስፈርቶች ማስረጃው…

ዝስዕብ ቃል ልዑል አላህ እዩ: **{«እዚአ መንገደይ እያ። ናብ አላህ ይፅውዕ። አነን ሰዓብተይን ብሩህ ብዝኾነ መርትዖ ኢና። (ካብ ዘይግበኦ ኩሉ) ፅፉፍ ምኳን ንዑኡ ይኹን፤ አነ `ውን ካብቶም ዘሻርኹ አይኮንኩን» በል።}** (ዩሱፍ 108)

**««እዚአ መንገደይ እያ።...»** ሓበሬታኡ ንነብዩ ﷺ ናብ ዝመፁዎ ሸሪዓ ዘማላኽት እዩ። **"السبيل"** ዝተብሃለ መንገዶም እዩ።

**«... ናብ አላህ ይፅውዕ።...»** ናብ አላህ ፃውዒት ዝገብር ሰብ ኽበሃል ከሎ ሰባት ምእንታን ናብ አላህ ክቃረረቡ ብዜካ ኻሊእ ግርማ ረቢ ጥራይ ደልዩ ዳዕዋ ዝገብር እዩ።

**«...ብሩህ ብዝኾነ መርትዖ... »** "በሲራ" ማለት ፍልጠት እንትኾን ንዝስዕቡ የጠቃልል:

ባዕሉ ኢስላም | ዳዕዋ ናይ ዝግበረሉ ሰብ ኩነታት | ናብ ዝድለ ዘብፅሕ አካይዳ

ሸይኽ ዝስዕብ ንምባል ዝደለየ ይመስል፤ ተማሂርካ ድሕሬኡ ትሰርሐሉ እንተኾይንካ አካይዳኻ ነብዩ ﷺ ፣ ሱሓበታቱን ቀዳሞት ሕያዋይ አቦታትናን ብዝነበሩሉ ክኸውን ግቡእኻ እዩ፤ አላህ ﷻ ከምዝበለ **{«እዚአ መንገደይ እያ። ናብ አላህ ይፅውዕ። አነን ሰዓብተይን ብሩህ ብዝኾነ መርትዖ ኢና።...}** ። ስለዚ ፃውዒት (ዳዕዋ) ምግባር ግድን እዩ።

**ራብዓይ:** ሸዑ ንዘዳንፍ ፅዕንቶ ሰብሪ ምግባር፡ (1) መርትዖና ድማ ዝስዕብ ቃል አላህ እዩ: **« {ብግዜ ኹነኒ! (1) ብርግፅ ኩሉ ሰብ አብ ኺሳራ እዩ ዘሎ። (2) ብዜካ እቶም ዝአመኑን ሰናይ ዝሰርሑን፣ ብሓቂ ሓደራ ዝተበሃሃሉ፣ ብሰብሪ `ውን ሓደራ ዝተበሃሃሉ (እንትተርፉ)። (3) »} » (አል ዓስር:1-3)** (2)

**(1)** ረቢ ይርሓመሎም ሸይኽ «ከምታ ንነብያት ዝበፅሖቶም ነዚ መንገድ ንዝስዕብ `ውን ሓደሓደ ነገራት ይበፅሖ `ዩ `ሞ ሰብሪ ግድን እዩ።» ንምባል ኽምዝደለዩ ድሕሪ ዳዕዋ ሰብሪ ዘኪሮም።

**ሰብሪ**

**ከም ቋንቋ:** ምዕቃብ | **ከም ሸሪዓ:** አብ ዝተአመነሉን ወይ ንዝተአመነሉን ነገር ኢልካ ምዕቃብ ማለት እዩ።

**ረቢ ይርሓመሎም ኢብኑል ቀይም ንሰብሪ ናብ ሰለስተ ይመቅሎዎ**

መምርሒ ረቢ አብ ግብሪ ክሳብ ትውዕል ሰብሪ ምግባር | ኽልኩላት ረቢ ክሳብ ዝዕቀቡዎ ሰብሪ ምግባር | አብ ዝቅንዝው ፍርድታት ረቢ ሰብሪ ምግባር

ብ

**(2)** ሸይኽ ድሕሪ ኣርባዕቲኣን ቁምነገራት ምዝካሩ መርትያኣን ካብ ቁርኣን ኣስዐበ። እዚ `ውን ሱረቱል ዓስር እዩ። ሸይኽ ረቢ ይርሓመሎም ዝኾነ ይኹን ነጥቢ ምስ መርትያኡ እዩ ዝዝክር።

**ንምንታይ?**

| | | |
|---|---|---|
| ዒልሚ ንዝደሊ ሰብ ካብ ዕሙት ሰዓብነት ገዲፉ ብዒልሚ ከም ምሕብሓብ | ተምሃራይ ኣብ ተፃረርቱ መልሲ ዝህበሉ መርትያ ንኽህልዎ | ተምሃራይ ሕግታት ካብ መሰረታዊ መርትያኦም ናይ ምውፃእ ዓቅሚ (ኢስቲንባጥ) ንኽህልዎ |

**(1)** ረቢ ይርሓመሎም ድላይ ሸይኽ እዚኣ ሱራ በይና ንፍጡራት (ብዛዕባ ኣኼራኦም) ንኽፈልጡ፣ ብስራሕ ንኽዳለው፣ ፃውዒት (ዳዕዋ) ንኽገብሩን ሰብሪ ንኽገብሩን እኽልቲ ዝኾነት መርትያ እያ እዩ።

ከመይ ደኣ `ሞ ምስዚ ኹሉ ሱራ ናይ ቁርኣን? መላእ ቁርኣን (ንፍጡራት ዕድል ዘይህብ መርትያ እዩ።

**(2)** ብመዳይ ሓዲሥ ኣሚረል ሙእሚኒን ዝኾኑ ኢማሙል ቡኻሪይ ብኪታብ ሶሒሕ "ባብ: ፍልጠት ካብ ቃልን ምግባርን ቅድሚት ከምዝኾነ" ኢሎም ርእሲ ምስገበሩሉ ንዝስዕብ ቃል ኣላህ ከም መርትያ ጌሮም ዘከሩ። ስለዚ ፍልጠት ካብ ቃልን ምግባርን ቅድሚ ምዃኑ ግድን እዩ።

ብዜካ ፍልጠት ምስራሕ ልክዕ ክኸውን ኣይኽእልን፤ እዚ እንተዘይኾይኑ ግን ምስ ክስታኖም ዝማሳሰለሉ ኾይኑ ማለት እዩ።

ረቢ ይርሓመሎም ኢማሙ ሻፊዕይ ብዛዕባ ሱረቱል ዓስሪ ኸምዚ ኢሎም እዮም: "ኣላህ ናብ ፍጡራቱ ብዜካ እዚኣ ሱራ ተዘየውርድ ነይሩ ምእኸለቶም ኔራ።" (1)

ረቢ ይርሓመሎም **ኢማሙል ቡኻሪይ** `ውን ኸምዚ ኢሎም እዮም: "ባብ: *ፍልጠት ካብ ቃልን ምግባርን ቅድሚት ከምዝኾነ* መርትያኡ ድማ ዝስዕብ ቃል ኣላህ እዩ: **«ብዜካ ኣላህ ኣምላኽ ከምዘየለ ኣፀቢቅካ ፍለጥ። ንጌጋኻ፤ ንኣወዳትን ንኣዋላትን ኣመንቲ `ውን ምሕረት ለምን።»** (ሱረቱል ሙሓመድ 19) ቅድሚ ስራሕቲን ቃልን ብፍልጠት (ምእዛዝ) ጀሚሩ። (2).

# ኻልኣይ: ሰለስቲኣን ነጥቢታት

ረቢ ይርሓመልካ `ሞ ፍለጥ: እዚኣን ሰለስቲኣን ነጥብታት ፈሊጥካ ክትሰርሐለን ኣብ ኩሉ ወዲን ጓልን ሙስሊም ግቡእ እዩ። **(1)**

(1) ሸይኽ ረቢ ይርሓመሎም ክፋል ናይ ፅሑፍ ንተምሃራይ ዱዓ ብምግባር ጀሚሮሞ። ሸይኽ ረቢ ይርሓመሎም ብናይ ኡሱሉ ሠላሣህ ኪታቦም ንተምሃራይ ሰለስተ ግዜ ዱዓ ይገብሩሉ፤ ፈላማይ ኣብ መበገሲ ኣርባዕቲኣን ቁምነገራት ፣ ካብኡ ኣብዚኣ ሰለስቲኣን ነጥብታት ኽዝክር ፣ ሳልሳይ ድማ ኣብ ዝስዕብ ዓረፍተ ነገር ፤ "ፍለጥ: ንተኣዛዝነት ረቢ እቲ ቅኑዕ መንገዲ ይምራሕካ`ሞ እታ ቅንዕቲ ዝኾነት መንገዲ ኢብራሂም…"

## መበገሲ ቅድሚ መብራህርሂ ሰለስቲኣን ነጥብታት

### ተውሒድ

**ከም ቋንቋ ዓረብኛ:** ወሐደ፣ ዩወሒዱ፣ ተውሒደን ካብ ዝብል ስርወ ቃል ዝመፀ እንትኸውን፤ "ወሐደ-ሸይእ" ማለት ኽበሃል ከሎ ብሕታዊ ምግባር ናብ ዝብል ዝሕብር እዩ።

**ከምቲ ሽሪዓ:** ኣላህ ሱብሓነሁ ወተዓላ ብሕታዊ ብዝኾነሉ ናይ ጎይታ፣ ናይ ኣምላኽን ሽምን ባህርይን መንነቱ ብሕታዊ ምግባር ማለት እዩ።

### ተውሒድ ናብ ሰለስተ ይምቀል

**ተውሒደ ሩቡቢያ (ብናይ ጎይታ መንነቱ ዘለዎ ብሕታውነት):** ንኣላህ ሱብሓነሁ ወተዓላ ብስራሕቱ ብሕታዊ ምዃኑ ምርግጋፅ፤ ብኻሊእ ኣበሃህላ ንኣላህ ሱብሓነሁ ወተዓላ ብምፍጣሩ፣ ብንጉስ መንነቱን ብመተኣናበሪ መንነቱ ብሕታዊ ምግባር ማለት እዩ።

**ተውሒደል ኡሉሂያ (ናይ ኣምላኽ ብሕታዊነቱ)**: ንኣሏህ ሱብሓነሁ ወተዓላ ብዒባዳ ብሕታዊ ምግባር ማለት እዩ።

**ተውሒዱል ኣስማኢ ወሲፋት (ብሽምን ባህርይን መንነቱ ብሕታውነቱ):** ንኣሏህ ሱብሓነሁ ወተዓላ ባዕሉ ብኺታቡ ወይ ድማ ብነብዩ ﷺ ልሳን ብዝፀወዐሉን ብዝገለፀሉን መንገዲ ብሕታዊ ምግባር ማለት እዩ። እዚ `ውን ብዜካ ተሕሪፍ ()፣ ተዕጢል () ፣ ተክይፍ (ዝርዝር ኩነታት ዘይምግባር)ን ብዜካ ምምስሳልን ንባዕሉ ዘፀነዖ ብምፅናዕ ፣ ካብ ባዕሉ ዉጉዝ ዝገበሮ ዉጉዝ ብምግባር እዩ።

*ብዛዕባ ሽምን ባህርያቱን ብቁርኣንን ሓዲሥን ብዝመፆ ጥራይ ንዕቀበሉ ዓይነት (ተውቂፍይ) እዩ። እዚ ዝኸውን ድማ:

ኣሏህ ሱብሓነሁ ወተዓላ ንባዕሉ ብኺታቡ ወይ ድማ ነብዩ ﷺ ንዑኡ ዝገለፁሉ ብምፅናዕን…

ኣሏህ ሱብሓነሁ ወተዓላ ብኺታቡ ካብ ባዕሉ ዉጉዝ ንዝገበሮ ወይ ድማ ነብዩ ﷺ ካብ ረቢ ዉጉዝ ንዝገበሩዎ ዉጉዝ ብምግባርን እዩ። ንኣብነት: «{… ሲና (ምንጎ ድቃስን ቆላሕታን) ይኹን ድቃስ ኣይትሕዞን…} (ኣል-በቀራህ 255) {… ድኻም `ውን ዋላ ሓንቲ ኣይበፅሐትናን…} (ቃፍ 38) »

እዚ `ውን ብዜካ ተሕሪፍ ()፣ ተዕጢል ()፣ ተክይፍ (ዝርዝር ኩነታት ምሃብ)ን ምምስሳልን ዘይብሉ እዩ።

**ቀዳማይ ነጥቢ:** ኣላህ ፈጢርና፣ ሽሻይ ለጊስና ዕሽሽ ኢሉ ግን ኣይገደፈናን፤ እኳ ደኣስ ልኡኽ ሰዲድልና፤ ንዑኡ ዝተኣዘዘ ጀነት ኣቲው፤ ንዑኡ ዝኣበየ ድማ ጀሀነም ኣቲው። መርትዖኡ `ውን ዝስዕብ ቃል ኣላህ እዩ:
«{ንሕና ዝምስኽሩ ዝኾኑ ልኡኻት ናባኹም ልኢኽና። ከምቲ ናብ ፈርዓውን ልኡኽ ዝለኣኽና (15) ፈርዓውን ንልኡኹ ኣብዩ፤ ሽዑ ሓያል ኣታሕዛ ሓዝናዮ። (16)} » **(ኣል-ሙዘሚል 15-16)** **(1)**

**“ሰለስቲኣን ነጥቢታት” ን መዛዘሚኣንን**

- ቀዳማይ ነጥቢ: ተውሒዱ ሩቡቢያ (ብጎይታዊ መንነቱ ዘለዎ ብሕታዊነት)ን ተውሒዱል ኣስማኢ ወሲፋት (ብሽምን ባህርያትን መንነቱ ዘለዎ ብሕታውነት)ን
- ኻልኣይ ነጥቢ: ተውሒዱል ኡሉሂያ
- ሳልሳይ ነጥቢ: ሽርካ ካብ ምግባርን ካብ ዝገብሩን ምፅራይ

**(1)** ረቢ ይርሓመሎም ሸይኽ በታ ናይ መጀመርታ ነጥቢ ብናይ ጎይታ መንነቱን ሽምን ባህርያቱን ዘለዎ ብሕታውነት ከም ዝስዕብ ዘከረ፤ “ኣላህ ፈጢርና፣…” ኽብል ከሎ ኣል-ኻሊቅ (ዝፈጠረ) ምኳኑ ፤ “ሽሻይ ለጊስልና” ኽብል ከሎ ኣር-ረዛቅ (ሽሻይ ዝህብ) ፤ “ዕሽሽ ኢሉ ግን ኣይገደፈናን…” ኽብል ከሎ ድማ ግበሩን ኣይትግበሩን ዘይበሃሉ ዕሽሽ ዝተበሃሉ ስዲታት ኣይገበረናን፤ “እኳ ደኣስ ልኡኽ ሰዲድልና”።

**ኣላህ ልኡኻት (ዓለይሂሙ ሰላም) ናይ ምስዳዱ ዕላማ**

- ኣብ ልዕሊ ፍጡራት ሑጃ [መልሲ ዘይብሉ መርትዖ] ጠጠው ከም ምግባር፤ «{ልኡኻት ከሳብ ንልእኽ ስጉምቲ ንወስድ ኣይኮንናን።}» (ኣል-ኢስራእ 15)
- ከም ሕዝነት: « (ኣንታ ሙሐመድ!) ንዓለማት ሕዝነት ጌርና `ምበር ኣይለኣኽናካን)» (ኣል-ኣንቢያእ 107)

**ኻልኣይ ነጥቢ:** ኣላህሲ ከም ዒባዳ ምስኡ ወላ ሓንቲ መሻርኽቲ ክትገብረሉ ኣይፈትውን እዩ፤ ዝቐረበ መላኢካ ይኹን ልኡኽ ነብይ `ኳ እንተኾነ መሻርኽቱ ክኸውን ኣይፈቱን፤ መርትዖኡ ድማ ዝስዕብ ቃል ኣላህ እዩ:
«{መሳጅድ ኩሉ ንኣላህ ጥራይ እዩ። ስለ`ዚ ምስ ኣላህ ዋላ ሓንቲ ኣይተምልኹ።}» (ኣል-ጅን 18)

በዛ ኻልኣይቲ ነጥቢ ኣምልኾ ንልዑል ኣላህ ምፅናዕ ሒዛ `ላ፤

ረቢ ይርሓመሎም ሸይኽ ኽምዚ ኢሎም "ኣላህሲ ከም ዒባዳ ምስኡ ወላ ሓንቲ መሻርኽቲ ክትገብረሉ ኣይፈትውን እዩ" ፤ ንዝብል ኣገላልፃ በቲ ዓረብኛኡ ከምቲ ቋንቋ ዓረብኛ ዘለዎ ቃላዊ ኣቀማምጣ በቲ ናይ ቋንቋኡ ሕጊ ስዋስው ብዜካኡ ንዘሎ ብውልቃውነት ንሕድሕድ ዝገልፅ እዩ። ነብይ፣ ወልይ፣ ጅንይ፣ መላኢካ፣ ሰናይ ሰብ፣ ኻሊእ `ውን ዝኾነ ይኹን የጠቓልል።

መርትዖኡ `ውን ዝስዕብ ቃል ኣላህ እዩ: «{መሳጅድ ኩሉ ንኣላህ ጥራይ እዩ። ስለ`ዚ ምስ ኣላህ ዋላ ሓንቲ ኣይተምልኹ።}» (ኣል-ጅን 18)

"… መሳጅድ…" ንዝብል ሰለስተ ዝተፈላለየ ግን ምስምዕማዕ ዝከኣል ትርጉም (ዑለማታት) ተዋሂቡዎ `ሎ :

| | | |
|---|---|---|
| ረቢ ንኽምልኹዎ ዝተሃነፁ መስጅዳት | ኣካላት ሱጁድ | ምድሪ : "መላእ ምድሪ መስጅድን ፅሩይቲን ተገይራትለይ" (ቡኻሪይ) |

« {ኩሉ ናይ ኣላህ ጥራይ እዩ። ስለ`ዚ ምስ ኣላህ ዋላ ሓንቲ ኣይተምልኹ።}» (ኣል-ጅን 18)
"…ዋላ ሓንቲ…" ወይ ኽዓ "…أَحَدًا" ትብል ቃል በቲ ዓረብኛ ከምቲ ቋንቋ ዓረብኛ ዘለዎ ቃላዊ ኣቀማምጣ በቲ ናይ ቋንቋኡ ሕጊ ስዋስው መሰረት ብዜካኡ ንዘሎ ብውልቃውነት ንሕድሕድ ትገልፅ። ስለዚ ድማ እዩ ረቢ ይርሓመሎም ኢማም በቲ ናይ ኻልኣይ ነጥቢ መበገሲ"ኣላህሲ ከም ዒባዳ ምስኡ ወላ ሓንቲ መሻርኽቲ ክትገብረሉ ኣይፈትውን እዩ" ዝበሉ ማለት `ውን ነብይ፣ ወልይ፣ ጅንይ፣ ሰናይ ሰብ `ውን እንተኾነ።

ረቢ ይርሓመሎም ሸይኽ በዛ ሳልሰይቲ ነጥቢ ካብ ሽርክን ሰባት ሽርክን ፅሩያት ክንኸውን ኽምዝግበአና ብሩህ ገይሮም።

**ካብ ሽርኪን ሰባቱን ፅሩያት ዝኸውን:**

| በልቢ | ብቃል (ልሳን) | ብግብሪ |
| --- | --- | --- |

1. **ብልቢ**: ንካፊራት፣ በዓላቶም ይኹን ኻልኦት ምድላዋቶም ብፍላይ ድማ ኣብ ሞንጎኦም ዝርከቡ ሽርክታትን ቢድዓታትን ምፅላእ።

2. **ብቃል**: {«ኣነ ካብቲ ተምልኹዎ ኩሉ ዝፀረኹ እየ።»} **(ዙኽሩፍ 26)**

**{በሎም ኢኻ «ኦ ኣንቱም ጠላማት! (1)«ኣነ እቲ ተምልኹዎ (ሕጅ) ኣየምልኽን (2) «ንስኻትኩም 'ውን ኣነ ዘምልኾ (ሕጅ) ኣይተምልኹን።(3) «ኣነ ነቲ ትግዝኡዎ (ንዘልኣለሙ) ተገዛኣይ ኣይኾንኩን(4) «ንስኻትኩም 'ውን ኣነ ንዝግዝኦ (ንዘልኣለሙ) ተገዛኣይ ኣይኾንኩምን። (5) «ንዓኻትኩም ሃይማኖትኩም ኣለኩም፤ ንዓይ 'ውን ሃይማኖተይ ኣለኒ።(6)}» (ኣል-ካፊሩን 1-6)**

3. **ብግብሪ**: መግለፅታት ሃይማኖቶም ዝኾኑ በዓላቶም ይኹኑ ሃይማኖታዊ ስርዓታቶም ወይኸዓ ብኣከዳድናኦም ብዘይምምስሳል ዝኸውን እዩ።

**ሳልሳይ ነጥቢ**: ንረሱል ﷺ ዝተኣዘዘን ብሕታውነት ኣላህ ዘረጋገፀን ሰብ ንኣላህን ንልኡኹን ﷺ ንዝፃረሩ ሰባት ዋላ 'ኳ ናይ ቀረባ ቀሪብ እኳ እንተኾኑ 'ውን ካብ ልቡ ኽፈትዎም ኣይፍቀደሉን። መርትዖና ድማ ዝስዕብ ቃል ኣላህ እዩ:

**«ብኣላህን ብመወዳእታ መዓልቲን ዝኣምኑ ህዝብታት ኣንፃር ኣላህን ልኡኹን ንዝኾኑ ሰባት፤ ዋላ ኣቦታቶም፣ ወይለ ደቆም፣ ወይለ ኣሕዋቶም፣ ወይለ ኣዝማዶም እንተኾኑ 'ውን ብልቢ ፈተውቶም ኾይኖም ኣይትረኽቦምን ኢኻ። ንዚኦም ብልቦም ኢማን ተፃሒፉ 'ሎ። ካብኡ ብዝኾነ መንፈስ 'ውን ደጊፉዎም። ንሓዋሩ ኣብ ውሽጣ ዝኾኑላ ብትሕቲኣ ውሓይዝ ዝውሕዝ ዝኾነ ጀነት ድማ ኸእትዎም እዩ። ኣላህ ከእነርሱ ወዷል፡፡ ረቢ ተሓጒሱሎም ንሳቶም 'ውን ካብኡ ብዝተውሃቦም ተሓጒሶም። እዚኦም ናይ ረቢ ጋንታ እዮም ፤ ጋንታ ናይ ረቢ ድማ እዮም እቶም ድላዮም ዝረኽቡ ተዓወትቲ።»**
(ኣል-ሙጃደላህ 22)

# ሳልሳይ: ተውሒድ ናይ ምምሃር አገዳስነት

ረቢ ንተአዛዝነቱ ቅኑዕ መንገዲ ይምራሕካ 'ሞ ፍለጥ: እታ ሐኒፍ ዝኾነት መንገዲ ኢብራሂም ሲ:

ዒባዳኻ ፅርይ አቢልካ ንአላህ ከተምልኽ እዩ፤ አሏህ ንመላእ ወድሰብ ዝአዘዘሉን ንዑኡ ኢሉ ዝፈጠረሉን ምኽንያት እዩ። ከምቲ አላህ ዓዘ ወጀል ብቁርአኑ ዝሓበረና: **«{ጋኔንን ወድሰብን ንዓይ ከምልኹኒ 'ምበር አይፈጠርኩን።}»** **(ዛርያት 56) (1)** "لِيَعْبُدُونِ"ወይ ኸዓ**"ከምልኹኒ"** ኽብል ከሎ ብመግዛእቲ ብሕታዊ ኽገብሩኒ ማለት እዩ። (2)

እቲ አላህ ዝአዘዞ ዓብይ ዋኒን ተውሒድ እንትኸውን እዚ 'ውን ንአላህ ብመግዛእቲ ብሕታውነቱ ምርግጋፅ ማለት እዩ። **(3)** እቲ አላህ ኽልኩል ዝገበሮ ዓብይ ዋኒን ድማ ሽርኪ እዩ፤ እዚ 'ውን ዝኾነ አካል ምስ አላህ ምፅዋዕ ማለት እዩ።

## ሐኒፊያ

**ከም ቋንቋ:** "الحنف" ወይ "አል-ሐነፍ" ካብ ዝብል ቃል ዓረብኛ ዝመፀ እንትኸውን ትርጉሙ ኸዓ ናብ ሓደ አንፈት ዘጋደደ ማለት እዩ።

**ከም ሽሪዓ:** ከም ሽሪዓ ድማ ሽርካ ካብ ምግባር ናብ ኢኽላስ፣ ተውሒድን ኢማንን ዝምም ዝበለት መንገዲ እያ። **«...ንአላህ ዝፈርሕ ናብ ቅኑዕ ሃይማኖት ዝዘምም...»** (ነሕል 120) (ኢሉ ንአቦና ነብዩላህ ኢብራሂም ከምዝገለፆ) አንፈቱ ናብ ኣላህ ገይሩ ንሽርኪ ዝባኑ ዝሃበ ማለት እዩ። "الحنيف" ኩልሻብ ናብ ተውሒድ እናተመለሰ ሽርካ ካብ ምግባር ዝርሕቅ እዩ።

**(3)** ረቢ ይርሓመሎም ሸይኽ አብዚአ ንምንታይ ተውሒድ ከም ንመሃር ብሩህ ይገብሩ እዮም ዘለው፤ አገዳስነቱ ድማ አብ ላዕሊ አሕሊፍናዮ ኢና።

## ከምቲ አብ መእተዊ ከምዝዘከርናዮ ፍታሕ ተውሒድ:

**ከም ቋንቋ**: ወሐደ፣ ዩወሒዱ፣ ተውሒደን ካብ ዝብል ቃል ዝመፀ እንትኸውን፤ "ወሐደ-ሸይአ" ኽበሃል ከሎ ብሕታዊ ምግባር ዝሕብር ቃል እዩ።

**ከም ሽሪዓ**: አላህ ዓዘ ወጀል ብሕታዊ ብዝኾነሉ ናይ ጎይታ መንነቱ፣ ብዒባዳን ስምን ባህርያን ብሕታዊ ምግባር ማለት እዩ።

ረቢ ይርሓመሎም ሸይኽ **« لِيَعْبُدُونِ ወይ ኸዓ "ከምልኹኒ"»** ኽብል ከሎ ብመግዛእቲ ብሕታዊ ኽገብሩኒ ማለት እዩ።" ኢሎም፤ እዚ ድማ ዝስዕብ ኽምዝበሉዎ ከም ቃል ኢብኑ ዓባስ ረድየሏሁ ዓንሁማ ማለት እዩ። "ዒባዳ ኩሉ ከም ቁርአን ትርጉሙ ተውሒድ እዩ።" **"واعبدوا الله"**(النساء ٣٦) **"... ንአላህ ተገዝኡ..."** (አን-ኒሳእ 36) ማለት "... ብሕታዊ ግበሩዎ..." **"አ አንቱም ሰባት!... ጎይታኹም አምልኹ"** (አል-በቀራ 21) "... አ አንቱም ሰባት! ...ብብሕታውነት ተገዝኡ" ማለት እዩ።

# ራብዓይ: ሰለስተ መሰረታት

“ወድ ሰብ ኽፈልጦም ዝግበኦ ግድን ዝኾኑዎ ሰለስተ መሰረታት እንታይ እንታይ እዮም?” እንተተባሂልካ ኸምዚ በል፡ “ዝኾነ ባርያ ጎይታኡ፣ ዲኑን ነብዩ ሙሓመድ ﷺ ምፍላጡን እዩ።” (1)
«ጎይታኻ መን እዩ? » እንተተባሂልካ “ጎይታይ እቲ ብሸግዩ ንዓይ ዝካናኸነ ከምኡ`ውን ንዓለም ዝካናኸን አሏህ እዩ፤ ንዑኡ እየ ዘምልኽ ኻሊእ ዘምልኾ የብለይን።” በል። መርትዖኡ ድማ ዝስዕብ ቃል አላህ እዩ: «ኩሉ ምስግና ንጎይታ ዓለም አላህ ይግባእ፤» (አል-ፋቲሓ 1) (2) ብዜካ አላህ ዘሎ ኩሉ በቲ ዓንቀፅ ዓለም ዝተበሃለ እዩ፤ አነ`ውን ካብዚ ዓለም ሓደ እየ። (3).

**(1)** ረቢ ይርሓመሎም ሸይኽ ትሕዝቶ ሕቶታት ቀብሪ ዘለዎም ሰለስተ መሰረታት ዘከሩ፤ ድሕሬኡ ናይ ቀራአይ (አንባባይ) ወይ ድማ ናይ ሰማዓይ ጠመተ ብሕቶ ድሕሪ ቆላሕ ምግባሩ መልሱ ዘከሩሉ።

**(2)** ረቢ ይርሓመሎም ሸይኽ ዒባዳ ዝግበኦ ጎይታ አላህ ሱብሓነሁ ወተዓላ ምዃኑ ብምግላፅ ንናይ መጀመርታ መሰረት መብርሂ ሃቡሉ፤ መርትዖኡ`ውን ዝስዕብ ቃል አላህ ዘከረ: **«ኩሉ ምስግና ንጎይታ ዓለም አላህ ይግባእ፤» (አል-ፋቲሓ 1)** ዝምለኽ ድማ ጎይታ ዝኾነ እዩ።

«ኩሉ ምስግና ንጎይታ ዓለም አላህ ይግባእ፤» (አል-ፋቲሓ 1)

እዚእ ቃል አላህ ሰለስተ ዓይነታት ተውሒድ ሒዛላ

«"الحمد" ”ምስግና" …» ንተውሒዱል አስማእ ወሲፋት (ብሸምን ባህርያትን ዘለዎ ብሕታውነት) ሒዛላ

« “الله” “ንአላህ ይግባእ”…» ንተውሒዱል ኡሉሂያ (ብዒባዳ ብሕታውነቱ) ሒዛላ

«“رب” “ጎይታ ዓለም”…» ተውሒዱ ሩቡቢያ (በመንነት ጎይታ ዘለዎ ብሕታውነት) ሒዛላ

**(3)** ማለት ብዜካ አላህ ዘሎ ኩሉ ፋጡር እዩ፤ አነ`ውን ባዕለይ ፍጥረት ረቢ ካብ ኾንኩ ነቲ ንዚ ኩሉ ኒዕማ ንዝሃበኒ ፈጣሪ ምስግና ከቅርበሉ ግድን እዩ።

"ጎይታኻ ብኸመይ ፈሊጥካዮ?" እንተተባሂልኻ "በምልክታቱን ፍጥረታቱን ካብ ምልክታቱ ለይትን ቀትርን፤ ፀሓይን ወርሕን፤ ካብ ፍጥረታቱ ኸዓ እተን ሸውዓተ ሰማያት፣ ሸውዓተ ምድርታት አብ ውሽጦምን አብ ሞንጎአምን ዘሎ ይርከበሉ።" በል።
መርትያኡ ድማ ዝስዕብ ቃል ልዑል አላህ እዩ: «ለይትን ቀትርን ፀሓይን ወርሒን ካብ ምልክታቱ እዮም። ንፀሓይን ወርሒን አይትስገዱ። ነቲ ዝፈጠረን አላህ ስገዱ። ንዑኡ ጥራይ ክተምልኹ እንተኾይንኩም።» (ፉሲለት 37) ዝስዕብ ቃሉ `ውን: «ጎይታኹም እቲ ሰማያትን ምድርታትን አብ ውሽጢ ሽዱሽተ መዓልቲ ዝፈጠረ አላህ እዩ። ካብኡ አብ ልዕሊ ዓርሹ ኮነ። ለይቲ ንቀትሪ ብህፁፅ ዝደልዮ እንትኸውን ይሽፍኖ። ፀሓይን ወርሒን ከዋኽብቲ `ውን ንአዛዝነቱ ምእዙዛት ገይሩ (ፈጢርዎም)። አዋጅ! ምፍጣርን ምእዛዝን ናቱ ጥራይ እዩ። ጎይታ ዓለማት አላህ (ግርማ ናቱ) ልዒሉ» (አል አዕራፍ 54) **(1).**
ዝምለኽ ጎይታ እዩ፤ መርትያኡ ድማ ዝስዕብ ቃል አላህ እዩ: «ኦ አንቱም ሰባት! እቲ ንዓኻትኩምን ቅድሜኹም ንዝነበሩን ንዝፈጠረ ጎይታኹም ተገዝኡ፤ ካብ (መቕፃዕቱ) ጥንቁቃት ክትኾኑ(21) እቲ ንዓኻትኩም ምድሪ ፍርናሽ ሰማይ ድማ ላዕላይ መንድቅ ዝገበረ እዩ፤ ካብ ሰማይ `ውን ማይ ዘውረደ ብኡ ድማ ንዓኻትኩም ካብ ፍረምረ ሸቓይ ዘውፅአልኩም እዩ። ንስኻትኩም `ውን (ብሕታዊ ፈጣሪ) ምዃኑ ምስምፍላጥኩም ንአላህ ሽርካ አይትግበሩሉ።» (አል በቀራህ 22) **(2).**
ረቢ ይርሓመሎም ኢብኑ ከሢር ኸምዚ ይብሉ "እዚአን ኩለን ዝፈጠረ ንዒባዳ ዝግባእ ንሱ እዩ።" **(3).**

**(1)** ረቢ ይርሓመሎም ሸይኽ ልዑል ጎይታና ዘሎ ንምዃኑ ዝሕብሩ ዓለማዊ ምልክታትን ፍጥረታትን ኽዝክሩ ጀሚሮም፤ ብዜካ አላህ ጎይታ፣ ፈጣርን ዝምለኽን ከምዘየለ ዝገልፁ ምልክታት ከምቲ አብ መእተዊ ዘሕለፍናዮ ልሙድ ሸይኽ ሕጅ `ውን ንዚኦም ካብ ቁርአን መርትያ ይዝክር እዩ ዘሎ።
ሕድሕድ ፍጥረት ልዑል ጎይታና ዘሎ ንምዃኑ ዝሕብር ምልክት እዩ። ይኹን ደአ`ምበር ረቢ ይርሓመሎም ሸይኹል ኢስላም ሙሓመድ ቢን ዓብዱል ወሃብ አብ ሞንጎ ፍጥረታትን (ተአምራዊ) ምልክታትን ፍልልይ ኽምዘሎ ብዝሕብር አገላልፃ ገሊፆሞ፤ ምኽንያቱ ልክዕ ከም ናይ ለይትን ቀትርን ምፍርራቅ ዓይነቱ "አል-አያህ (ተአምራዊ ምልክታት)" ስለዝቃያየር እንትኸውን ዝቃያየር ድማ ልዕሊቲ ኩልሻብ ሓደ ዓይነት ዝኾነ ዘይቃያየር ሓይሊ ተአምርውነት አለዎ።
**(2)** እዚአ ዓንቀፅ ቁርአን ብሱረቱል በቀራህ ትርከብ እያ፤ ብዛዕባአ ገለ ዑለማታት ዝስዕብ ኢሎም እዮም: ፈላማይ ፃውዒት ቁርአን «ኦ አንቱም ሰባት! ...» ዝብል ኽምኡ `ውን ፈላማይ ምግባራዊ ትእዛዝ ቁርአን «...ተገዝኡ...» ማለት "ብሕታዊ ግበሩ" ዝብልን ቃል አላህ ከምዘለዋ ይገልፁ።

ከምቲ «...ንስኻትኩም `ውን (ብሕታዊ ፈጣሪ) ምዃኑ ምስምፍላጥኩም ንአላህ ሽርካ አይትግበሩሉ።» ዝብል ካብ ሽርኪ ዝኽልክል ፈላማይ ትእዛዝ አላህ አብአ ኽምዘለዎ ማለት እዩ።

**(3)** ማለት ብጎይታዊ መንነቱ ብሕታውነት ዘለዎ ካብ ኮነ ብአምላኽ መንነቱ(ብመግዛእቲ) `ውን ብሕታውነት ኽህልዎ ይግባእ።

ሽይኽ ድሕሪ ቃል ኢብኑ ከሢር ልቦናውን ኣካላውን ዝኾኑ ብዙሕ ዓይነታት ዒባዳ ልሕድሕድ ምስመርትያኦን ካብ ኪታብን ብዝስዕብ መንገዲ ብዝርዝር ከቕርበልና ጀሚሩ፡

# ዱዓእ

## ናብ ክልተ ይምቀል

| ዱዓእ ዒባዳ: ዱዓ ዝኾነ ብተዘዋዋሪ እዩ፤ ከምኒሰላት፣ ያምን ሓጅን ዓይነቱ ማለት እዩ። | ዱዓእ ምልማን: እዚ ኸዓ ብቀጥታ ዱዓእ ዝኾነ ፤ "ምሓረኒ" "ራሕመትካ ኣፍስሰለይ" ከምንብሎ ዓይነት ማለት እዩ። |
|---|---|
| ብዜካ ኣላህ ንዘሎ ምሃቡ ዓብይ ሽርኪ እዩ። | ዝወሃቦ ፍርዲ ዝርዝር የድልዮን ዱሕራይ ከምንዝከሮ ክልተ ዓይነትን እዩ። |

(1) ኣላህ ዝኣዘዞሎም ዓይነታት ዒባዳ ከም ኢስላም፣ ኢማን(እምነት)፣ ኢሕሳን፣ እንዲሁም ዱዓእ፣ ፍርሒ(ኽውፍ)፣ ተስፋ፣ ተወኩል (ምፅጋዕ)፣ ሃንቀውታ(ኣር-ረግባህ)፣ ምግላብ ዝሓወሰ ፍርሒ (ኣር-ረህባህ)፣ ዓርሰኻ ምሕሳር ዝሓወሰ ፍርሒ (ኣል-ኹሹዕ)፣ ኣብ ፍልጠት ዝተደረተ ፍርሒ (ኣል-ኸሽየህ)፣ ካብ ሓጢኣት ተጣዒስካ ምምላስ፣ ሓገዝ ምሕታት፣ ዕቁባ ምሕታት፣ ካብ ፀበባ ረድኤት ምሕታት፣ ማሕረድ፣ መፅበዓን ኻልኦት ረቢ ዝኣዘዞሎም ዓይነታት ዒባዳን ኩሎም ንኣይታ ዓለም ንኣላህ ንኣላህ ጥራይ እዮም ዝግበኡ። መርትያኡ ድማ ቃል ልዑል ኣላህ እዩ: «{መሳጅድ ኩሉ ንኣላህ ጥራይ እዩ። ስለ'ዚ ምስ ኣላህ ዋላ ሓንቲ ኣይተምልኹ።}» (ኣል-ጅን 18)

ካብዚኣተን ብዜካ ንኣላህ ንኻሊእ ዝሃበ ሙሽሪክን ካፊርን እዩ። መርትያኡ ድማ ዝስዕብ ቃል ልዑል ኣላህ እዩ: « {ምስ ኣላህ ነቲ መርትያ ዘይብሉ ኻሊእ ኣምላኽ(ገይሩ) ዝፅውዕ እቲ ሒሳቡ ምስ ጎይታኡ ጥራይ እዩ፤ ስምዑ ካፊራት ኣይድሕኑን} » (ኣል-ሙእሚኑን 117)
ብሓዲሥ 'ውን "ዱዓእ ናይ ዒባዳ ዋና ኣካል እዩ።" ዝብል ይርከብ። ልዑል ኣላህ 'ውን ኸምዚ ይብል: «{ጎይታኹም «ለምኑኒ ክቕበለኩም፤ እቶም ንዓይ ካብ ምግዛእ ትዕቢት ዝሕዞም ጀሃነም ሕሱራት ኾይኖም ይኣትውዋ።» ኢሉ}» (ቓፊር 60)

**ናይ ምልማን ዱዓእ ንብሎ ናብ ክልተ ይምቀል**

**ብዜካ አላህ ኻሊእ ብዘይኽእሎ**

ብዜካ አላህ ንዘሎ ምሃቡ **ዓብይ ሽርኪ** እዩ።

**ወድሰብ ብዝኽእሎ**

ምስ ዝስዕቡ **ቅድመ ኩነታት** ልክዕ ይኸውን፡

- እቲ ዝፅዋዕ (ተለማኒ) **ብህይወት** ዘሎ ምኳኑ፤ ብመሰረት `ዚ ቀይዲ ዝሞተ ሰብ አይምልከቶን ማለት እዩ
- እቲ ዝፅዋዕ **ዘሎ/ቀረባ** ክኸውን ይግባእ፤ ብመሰረት `ዚ ቀይዲ ሩሑቅ ዘሎ አይምልከቶን ማለት እዩ
- እቲ ዝፅዋዕ **ዝኽእል** ክኸውን ይግባእ፤ ብመሰረት `ዚ ቀይዲ ዘይኽእል አይልከቶን ማለት እዩ
- እቲ ዝፅዋዕ **ሰበብ** ጥራይ `ምበር ባዕሉ ፅዕንቶ ዘለዎ ከምዘይኾነ ተአማኒ ክኸውን

እቲ ተፀዋዓይ በቲ ኩነታት ዓለም ሕቡእ ዝኾነ ምንቅስቃስ ከምዘለዎ፡ ጥቅምን ጉድአትን ብኢዱ ከምዘሎ ተአማኒ እንተኾይኑ ግን እዚ ሽርኪ እዩ።

**ሊ. በ:** እዚ ዝሓዝናዮ ትምህርቲ ብዛዕባ እቲ እቲ ስራሕ እዩ፤ `ምበር ብዛዕባ እቲ ሰራሓይ ዘለዎ ፍርዲ ሑኛ (መርትዖ) ክቀርበሉን (ፍርዲ ካብ ምሃብ) ዝዕቅብ ከምዘየለ ብዕሊ ክረጋገፀሉን ይግባእ።

ነቲ ሰራሓይ ካፊር ዶ ሙእሚን ዝብል ፍርዲ ዝህቡ ዑለማታት ጥራይ እዮም።

## ብዛዕባ ሰበብ ብዘለዎም እምነት ሰባት ናብ ሰለስተ ይምቀል

ልዑል ኣላህ ሰበብ ንዝገበሮ ከምሰበብ ጌሮም ዝኣምኑን ከምሰበብ ዝሕዝ ክፋል፤ እዚ እቲ **ልክዕ** ዝኾነ እዩ።

ልዑል ኣላህ ሰበብ ንዘይገበሮ ከምሰበብ ጌሮም ዝኣምኑን ከምሰበብ ጌሮም `ውን ዝሕዙዎን፤ እዚ **ንኡስ ሽርኪ** እዩ።

ሰበብ ባዕሉ ኽሕድር ከምዝኽእልን ዝተረኸበ ጥቅሚ ይኹን ዝተረፈ ጉድኣት ብሰንኩ ከምዝኾነ፤ እዚ **ዓብይ ሽርኪ** እዩ።

### ሸሪዓዊ ኣስባባት

ሸሪዓዊ ኩነታቱ ከምዝሓለወ ዓይነት ሩቃ ዝበለ፤ ሸሪዓዊ ኩነታቱ ዝሓለወ ሩቃ ኣሏህ ሱብሓነሁ ወተዓላ ንሕማም መድሓኒት ሰበብ ገይሩዎ እዩ።

### ወድዓዊ ኣስባባት:

ከም ሕክምና ዓይነቱ፤ ኣሏህ ሱብሓነሁ ወተዓላ ንሕማም መድሓኒት ሰበብ ገይሩዎ እዩ።

ዋላኳ ልዕል ኢልና “ዱዓእ ናይ ዒባዳ ዋና እዩ።” ዝበልናዮ ሓዲሥ (በቲ ሰንሰለት ናይ ሓዲሥ) ደዒፍ እንተኾነ `ውን “ዱዓእ ባዕሉ ዒባዳ እዩ።” ዝበል ኻሊእ ሶሒሕ ሓዲሥ ነብዩ ﷺ ኣሎ።

### ዱዓእ ባዕሉ ከመይ ዒባዳ ክኸውን ይኽእል?

«{ጎይታኹም «ለምኑኒ ክቅበለኩም፤ እቶም ንዓይ ካብ ምግዛእ ትዕቢት ዝሕዞም ጀሃነም ሕሱራት ኾይኖም ይኣትውዋ።» ኢሉ}» (**ቓፊር 60**) ዝብል ቃል ኣላህ `ውን ዝሕብረና እዚ እዩ። ልዑል ኣላህ «...ምግዛእ...» ኢሉዎ፤ እዚ ኸዓ ናይ ዱዓእ ዒባዳ ምዃን ዝሕብር እዩ።

ንኸውፍ (ፍርሒ/ዒባዳ ምዃን) መርትዖኡ ዝስዕብ ቃል ልዑል ኣላህ እዩ: **«...ኣይትፍርሑዎም፤ ንዓይ ጥራሕ ፍርሑኒ ናይ ብሓቂ ትኣምኑ እንተዀይንኩም።»** (ኣሊ ዒምራን 175) **(1).**

ንተስፋ (ዒባዳ ምዃን) መርትዖኡ ዝስዕብ ቃል ልዑል ኣላህ እዩ: **«...ጎይታኡ ንምርኻብ ተስፋ ዝገብር፤ ሰናይ ስራሕ ይስራሕ በቲ ናይ ጎይታኡ ዒባዳ `ውን መሻርኽቲ ኣይግበር።» በሎም።»** (ኣልከህፍ 110) **(2).**

**(1) ፍርሒ (ኸውፍ):** ካጥፍእ ወይ ኽጎድእ ወይ ድማ ኣዛ ዝኾነ ነገር ኽጓንፈኒ እዩ ብዝብል ዝመፅእ ስምዒት እዩ።

ልዑል ኣላህ ሸይጧን ምስ ሓገዝቱ ንኸይፍራሕ ብምኽልካል ንዑኡ ጥራሕ ንኽንፈርሖ ኣዚዙ።

**ፍርሒ (ኸውፍ) ሰለስተ ክፋል ኣለውዎ**

- ዒባዳ ዝኾነ፣ ከም ልዑል ቆፅርካ ውሽጣዊ ፍርሒ ምፍራሕ:
  - ዝኾነ ባርያ ጎይታኡ ከምዝፈርሖሉ ዓይነት ዓርሰኻ ምሕሳር፣ ምንእኣስን ንጎይታኻ ልዑል ደረጃ ምሃብን ዝተሓወሶ እዩ፤ እዚ ኸምዚ ዓይነቱ ፍርሒ ንኣላህ እዩ ዝግባእ።ብዜካ ንኣላህ ንኻሊእ ምሃቡ ካብ ዓብይ ሽርኪ ዝቁፀር እዩ።
- ተፈጥሮኣዊ ዝኾነ ፍርሒ:
  - ዝኾነ ሰብ ሓዊ፣ ፀላኢ፣ እንስሳ ዘገዳምን ዝኣምሰሉን ምፍርሑ እንተኸውን ዝተፈቀደ ድማ እዩ።
- ኽልኩል ፍርሒ:
  - ብራሕማ ጎይታ ተስፋ ናብ ምቑራፅን ወይ ድማ ብፉጡራት ተኣዚዝካ ካብ ትእዛዝ ፈጣሪ ናብ ምውፃእን ዘብፅሕ ዓይነት ፍርሒ እዩ።
  - እዚ ድማ ኽልኩል እዩ።

**(2) ተስፋ (ረጃእ):** ንምርካብ ቀረባ ንዝኾነ ወይ ኽዓ ሩሑቕ እንተኾነ `ውን ከምቲ ናይ ቀረባ ቦታ ብምሃብ ዘለካ ናይ ልቢ ሃንቀውታ እዩ።

ዓርስኻ ኣነኢስካን ኣሕሲርካን ትገብሮ ሃንቀውታ ልዑል ንዝኾነ ኣላህ ጥራይ ዝግባእን ብዜካ ኣላህ ንኻሊእ ምሃብኻ ካብ ዓብይ ሽርኪ ዝቁፀርን እዩ።

ዝድለ ዓይነት ተስፋ `ውን ብተኣዛዝነቱ ሰናይ ሰሪሑ ዓስቢ ረቢ ትፅቢት ንዝገብር ወይ ካብ ሓጢኣት ተጣዒሱ ናይ ጣዕሳኡ ተቀባልነት ምርካብ ትፅቢት ንዝገብር ጥራይ እዩ ዝኸውን። ብጀካ ስራሕኻ ትፅቢት ዕሽነትን ዉጉዝ ትምኒትን እዩ።

**(1) ፍታሕ "ተውኩል"**

**ከምቲቋንቋ:**

ብዝኾነ ነገር ምፅጋዕ ማለት እዩ።

**ከምቲሸሪዓ:**

ሸሪዓዊ ዝኾኑ አስባባት ምስምብፃሕ ብጎይታ ናይ ብሓቂ ተአማሚንካ ምፅጋዕ ማለት እዩ።

ንተወኩል (ምፅጋዕ/ ዒባዳ ንምኟኑ) መርትዖኡ ዝስዕብ ቃል ልዑል አላህ እዩ: **«ናይ ብሓቂ አመንቲ እንተኾይንኩም ናብ ረቢ ተፀግዑ»** (አል-ማኢዳህ 23) ከምኡ `ውን: **«ናብ አላህ ንዝፅጋዕ ንሱ ይአኽሎ እዩ»** (ጦላቅ 3) **(1)**.

ን አር-ረግባህ (ሃንቀውታ)፣ **(2)** ምግላብ ዝሓወሰ ፍርሒ (አር-ረህባህ)ን **(3)** ዓርስኻ ምሕሳር ዝሓወሰ ፍርሒ(አል-ኹሹዕ)ን **(4)** (ዒባዳ ምኟን) መርትዖኡ ዝስዕብ ቃል ልዑል አላህ እዩ: **«{…ንሳቶም `ኳ አብ ሰናይ ስራሕ ይቃዳደሙን ምስ ሃንቀውታን ምስ 'ረህባን' ኮይኖም ይፅውዑናን እዮም ነይሮም። ዓርሰም `ውን ንዓና የሕስሩ እዮም ዝነበሩ።»** (አል-አንቢያእ 90) (2)

**ተወኩል ኽበሃል ከሎ ሰለስተ ነገራት ኽማልእ ይግባእ፡**

**ሓቀኛ ምኟን:** አብ ልዑል ጎይታ ዘለካ ምፅጋዕ ናይ ብሓቂ ክኸውን

ልዑል ጎይታ ቃሉ አብ ግብሪ ኽምዘውዕል **ምትእምማን**

**ሸሪዓዊ ዝኾኑ አስባባት ምግባር**

**(2) ሃንቀውታ (አር-ረግባህ):** ናብ ዝድለ ነገር ንምብፃሕ ምፍታው

**(3) ምግላብ ዝሓወሰ ፍርሒ (አር-ረህባህ):** ካብ ዝተፈርሐ ምግላብ ዝሓወሰብ ፍርሒ፣ ምስ ግብሪ ዝተተሓሓዘ ፍርሒ እዩ።

**(4) ዓርስኻ ምሕሳር ዝሓወሰ ፍርሒ(አል-ኹሹዕ):** ንናይ አላህ ዓለማውን ሸሪዓውን ፍርዲ ኢድካ ሂብካ ንአላህ ዓብይ ዓርስኻ ምንእአስን ምሕሳርን ማለት እዩ።

◆ ናብ አላህ ገያሻይ ዝኾነ ሰብ በቲ ኽጠፍአሉ ዝኽእል መንገዲ ሓደ ካብቲ ኻሊእ ዘየብለፀ አብ ሞንጎ ፍርሒን ተስፋን ክኸውን ይግበኦ፤ ፍርሒን ተስፋን ከምናይ ነፋሪት ክልተ አክናፍ ክኾነሉ ይግባእ።

አል-ኽሸየህ (ዒባዳ ንምዃኑ) መርትዖኡ ዝስዕብ ቃል ልዑል ኣላህ እዩ: «…ኣይትፍርሑዎም፤ ንዓይ (ጥራሕ) ፍርሑኒ…» (ኣል-በቀራህ 150) **(1)** (ብጣዕሳ ናብ ኣላህ) ምምላስ (ዒባዳ ንምዃኑ) መርትዖኡ ዝስዕብ ቃል ልዑል ኣላህ እዩ: «…ናብ ጎይታኹም (ብጣዕሳ) ተመለሱ። ንዑኡ `ውን ምእዙዛት ኩኑ።» (ኣል-ዙመር 54) **(2)** ሓገዝ ምድላይ (ዒባዳ ንምዃኑ) መርትዖኡ ዝስዕብ ቃል ልዑል ኣላህ እዩ: «{ንዓኻ ጥራሕ ኢና ንግዛእ፤ ንዓኻ ጥራሕ ድማ ኢና ሓገዝ ንሓትት» (ኣል-ፋቲሓ 5) ብሓዲሥ `ውን ዝስዕብ ንረክብ "ሓገዝ እንተድልዩካ ሓገዝ ረቢ ድለይ።" (ቲርሚዚይ) **(3)** ዕቑባ ምድላይ (ዒባዳ ንምዃኑ) መርትዖኡ ዝስዕብ ቃል ልዑል ኣላህ እዩ: «{በል «ብናይ ወጋሕታ ጎይታ ይዕቆብ።» (ኣል-ፈለቅ 1) ኸምኡ `ውን «በል «ብናይ ሰባት ጎይታ ይዕቆብ።» (ኣን-ናስ 1) **(4)** ኢስቲቓሣ (ኣብ እዋን ኣዝዩ ከቢድ ፀበባ ዄንካ ትገብሮ ናይ ረድኤት ልማኖ ዒባዳ ንምዃኑ) መርትዖኡ ድማ ዝስዕብ ቃል ኣላህ እዩ: «ካብ ጎይታኹም ረድኤት ኣብ ትደልዩሉ እዋን… ንዓኻትኩም ንዝተቀበለኩም (ዘክሩ)።»(ኣል-ኣንፋል 9) **(5)** ንማሕረድ (ዒባዳ ምዃን) መርትዖኡ ዝስዕብ ቃል ልዑል ኣላህ እዩ: ««ስግዳነይ፣ ሕሩደይ፣ ህይወተይ፣ ሞተይ ንጎይታ ዓለማት ንኣላህ እዩ።» በል። (162«መሻርኽቲ ዘይብሉ። በዚ ድማ እየ ተኣዚዘ። ፈላማይ ሙስሊሚን `ውን ኣነ እየ» (በል)።» (ኣል-ኣንዓም 162-163). ካብ ሓዲሥ `ውን "**ካብ ብዜካ ኣላህ ንዘሎ (ዕብየት ኢሉ) ዝሓረደ ብኣላህ ተረጊሙ`ሎ።**" (ሙስሊም) **(6)**

**(1) ኣልኽሸየህ:** ብዛዕባ እቲ ዝፍራሕ ዘለዎ ሓያል መንነትን ዓብይ ስልጣንን ብዘሎ ፍልጠት ዝተደረተ ፍርሒ እዩ።

**(2) (ናብ ኣላህ) ምምላስ:** ንናቱ ምምርሒ ብምእዛዝን ካብ ናቱ መምርሒ ብዘይምውፃእን ናብ ኣላህ ምምላስ እዩ፤ «…وَأَنِيبُوا…» «…**ተመለሱ**…» «…ናብ ጎይታኹም (ብጣዕሳ) ተመለሱ። ንዑኡ `ውን ምእዙዛት ኩኑ።» (ኣል-ዙመር 54) ማለት ንስኻ ባርያ ስለዝኾንካ ባርያ ድማ ተኣዛዛይ ስለዝኾነ ዋኒንካ ኩሉ ንኣላህ ሱብሓነሁ ወተዓላ ብምሃብ ብኩለመዳይኻ ንጎይታ ግዙእ ክትኸውን ማለት እዩ፤ ጎይታ ኸዓ ኣላህ እዩ። ከምቲ ነብዩ ﷺ "ጎይታ ኣላህ እዩ" ዝበሉና።

**(3) ኣል-ኢስቲዓናህ:** ሓገዝ ምድላይ ማለት እዩ። «{ንዓኻ ጥራሕ ኢና ንግዛእ፤ ንዓኻ ጥራሕ ድማ ኢና ሓገዝ ንሓትት» (ኣል-ፋቲሓ 5) ብመሰረት ናይዛ ቃል ቁርኣን ኣገላልፃ ከምቲ ሕጊ ስዋስው ዓረብኛ ቀይዲ ትገብር ኣገላልፃ እያ። ከምቲ {تقديم ماحقه التأخير يفيد الحصر} ዝበሃል ማለት እዩ። እዚ ክበሃል ከሎ ኣይንግዛእን ኢና ንዓኻ ጥራይ `ምበር፤ ሓገዝ `ውን ኣይንሓትን ንዓኻ ጥራይ `ምበር ከም ማለት እዩ።

**(4) ኣል-ኢስቲዓዛህ:** ዕቆባ (ሓለዋ) ምሕታት ማለት እዩ። እዚ ኽበሃል ከሎ ካብ ዝፅላእ ነገር ሓለዋ ምድላይ ማለት እዩ። «أعوذ» «**ኣዑዙ**» ማለት "ይሕሎ፣ ይዕቆብ ኣለኹ" ማለት እዩ።

**(5) ኣል-ኢስቲቓሣህ:** ካብ ጭንቅን ጥፍኣትን ዘድሕን ምድላይ ማለት እዩ።

✪ ኣርባዕቲኣን፡ ሓገዝ ምድላይ፣ ሓለዋ ምድላይ፣ ኣል-ኢስቲቓሣን ሽፋዓ (መተዓረይ ምድላይ)ን ኣርባዕተ ቅድመ ኩነታት እንተማሊኣን ካብ ፉጡራት `ውን ምድላይ ይከኣል እዩ፤ ብህይወት ካብ ዘሎ፣ ቀረባ ካብ ዝኾነ፣ ዝኽእልን ከምሰበብ ዝተሓዝን እንተኾይኑ።

**(6) ማሕረድ:** ደም ብምፍሳስ ፍሉይ ዝኾነ ህይወት ምጥፋእ።

**ማሕረድ ምግባር ናብ ሰለስተ ይምቀል**

| **ንአላህ (ዕብየት) ኢልካ ምሕራድ** | **ንብዜካ አላህ ኢልካ ምስ ምዕባይን ምፍታውን ምሕራድ** | **ፍቁድ ዝኾነ ምሕራድ** |
|---|---|---|
| ከምሀድይ፣ ኡዱሒያን ንደኽታማት ምዕንጋልን | ንአጅናንን ንበዓል ቀብሪን ኢልካ ምሕራድ፤ እዚ ዓብይ ሽርኪ እዩ። | ጋሻ ምትእንጋድ፣ ንመሸጣን ንኻሊእ ኢልካ ወይድማ ስጋ ደሊኻ በጊዕ/ጤል ምሕራድ። |

መፅብዓ (ዒባዳ ንምኧኑ) መርትያኡ ዝስዕብ ቃል ልዑል አላህ እዩ: «(ሎሚ) **መፅብዓኦም ዝመልኡ፤ ሽር ናቱ ዝርጉሕ ዝኾነ መዓልቲ ይፈርሑ(እዮም)»** (አል-ኢንሳን 7)

**ሏ. በ.:** ምስ ፍቃድ ረቢ ብዛዕባ ማሕረድ ተወሳኺ መብርሂ አብ ኪታቡ ተውሒድ ኽመፅእ እዩ።

**(1) እንታይነት መፅብዓ**

| **ከምቋንቋ:** | **ከምቲሸሪዓ:** |
|---|---|
| ቃል ምእታውን ዓርስኻ ምግዳድን ማለት እዩ። | ረቢ ግቡእ ንዘይገበሮ ነገር ባዕልኻ ንባዕልኻ ብድልየትካ ምግዳድ ማለት እዩ። |

**ሏ. በ.:** መፅብዓ ዳሕራይ አብ ኪታቡ ተውሒድ ከምንመፅኦ ዓይነታት፣ ቅድመ ኩነታትን መዐረይታትን አለውዎ።

**ዓይነታት መፅብዓ**

| | |
|---|---|
| ንአላህ ዝኾነ መፅብዓ | ንብዜካ አላህ ዝግበር መፅብዓ |

ሸይኽ ነዞም ዒባዳታት ዝዘከረ ከም አብነት `ምበር ከም ቀይዲ አይኮነን። ምኽንያቱ አብዚ ዘይተዘከሩ ዓይነታት ዒባዳታት `ውን አለው እዮም። እቲ ዝተደለየ መልእኽቲ ካብዚአን ዝተዘከራ ይኹን ወይ ኻሊእ ዓይነት ዒባዳ ንብዜካ አላህ ዝሃበ ሽርኪ ገይሩ`ሎ እዩ።

**ኻልኣይ መሰረት:** ዲነል ኢስላም ብመርትዖኡ ምፍላጥ። እዚ `ውን ንአላህ ብተውሒድ ኢድካን እግርኻን ክትህብ፣ ብምእዙዝነት ክትስዕብን ካብ ሽርክን ሰባት ሽርክን ዝፀረኻ ምኺንን እዩ።

ሰለስተ ብርኪታት አለውዎ: ኢስላም፣ ኢማንን ኢሕሳንን እንትኾኑ ሕድሕድ ብርኪ `ውን ነንባዕሉ ዓንዲ አለዎ።

**ቀዳማይ ብርኪ:** ኢስላም **(1)**

ዓንድታት ኢስላም ሓሙሽተ እዮም። ቃል ናይ ሸሃዳ “ላ ኢላሀ ኢለሏህ ሙሓመዱን ረሱለሏህ” **(2)** ፣ ስርዓታ ዝተማልአት ጌርካ ሶላት ምስጋድ፣ ዘካ ምሃብ፣ ወርሒ ረመዷን ምፅዋምን በይቲላሂ አል-ሓረም ሓጅ ምግባርን እዮም።

**(1)** ሸይኽ ናብታ ኻልአይቲ መሰረት ደይቦም፣ እዚ `ውን ሓደ ባርያ ናይ አላህ ዝኾነ ሰብ ሃይማኖቱ ምፍላጡ እንትኾን ብኸምዚ መብርሂ ምሃብ ጀሚሮም፡

## ቀዳማይ ብርኪ ኢስላም

እዚ `ውን ንአላህ ብተውሒድ ኢድካን እግርኻን ክትህብ፣ ብምእዙዝነት ክትስዕብን ካብ ሽርክን ሰባት ሽርክን ዝፀረኻ ምኺንን እዩ።

ፍታሕ ቃል “ኢስላም” `ውን እዚ እዩ፤ ዋኒንካ ንአላህ ክትህብ ማለት እዩ። ምኽንያቱ ባርያ ስለዝኾንካ። ባርያ ድማ ንጎይታኡ ኩለመዳዩ ግድን እዩ። እቲ ጎይታ `ውን አላህ እዩ። ከምቲ ነብዩ ﷺ “ጎይታ አላህ እዩ።” ዝበሉ ማለት እዩ።

ካብኡ ነቲ ዲን ናብ ሰለስተ ብርኪታት መቂሎሞ፡

- ኢስላም
- ኢማን
- ኢሕሳን

**(2)** ኢስላም ሓሙሽተ ዓንዲታት እዩ። ቀዳማይ

“ላ ኢላሀ ኢለሏህ ሙሓመዱን ረሱለሏህ” ትብል ቃል ምስክር (ሸሃዳ)

ረቢ ይርሓመሎም ሸይኽ “ላ ኢላሀ ኢለሏህ” ናይ ቃል ምስክር መርትዖ ገይሩ ኣምፂኡዎ፤ ናቱ ትርጉም ድማ ብሩህ ገይሩዎ። “ብዜካ ኣላህ ናይ ብሓቂ ዝግዝኡዎ የለን።” እዩ።

**ቃል ሸሃዳ ናይ ኢኽላስ ዝስዕቡ ኽሕዝ ግድን እዩ፡**

| ምንፃግ | ምፅናዕ |
|---|---|

“ላ ኢላሀ” ብዝብል ቃል “ነፍይ” ንብሎ ወይ ምንፃግ ንረክብ

“ኢለሏህ” ብዝብል ቃል “ኢሥባት” ንብሎ ወይ ኸዓ ምፅናዕ ንረክብ

ኸምዚ ዓይነቱ ኣገላልፃ ብዜካ ብዝበሃል ኲነት ብብሕታውነት ምፅናዕ ይሕብር። ምኽንያቱ ዒባዳ ብቀይዲ ንኣላህ ጥራይ ብምግላፅ ካብ ብዜካኡ ዘፅሪ ኣገላልፃ ስለዝኾነ እዩ።

ስለዚ ድማ እዩ ረቢ ይርሓመሎም ሸይኽ “ብሩህ ዝገብራ መብራህርሂ ድማ ዝስዕብ ቃል ልዑል ኣላህ እዩ” ብምባል (ዝስዕብ ዝበሉ): **«{ኢብራሂም ነቦኡን ንህዝብታቱን (ኸምዚ) ዝበሎም እዋን (ዘክር)። «ኣነ ንስኻትኩም ካብ ተምልኹዎ ዝፀረኹ እየ። (26) «ብዜካ እቲ ዝፈጠረኒ(ኣየምልኽን)።...»**

**«...ካብ ተምልኹዎ ዝፀረኹ እየ።...»** “ላኢላሀ” ማለት እንትኸውን

**«...ብዜካ እቲ ዝፈጠረኒ(ኣየምልኽን)።...»** ማለት ኸዓ “ኢለሏህ” ማለት እዩ።

ንሸሃዳ (ቃል መስኻሪ) መርትዖኡ ዝስዕብ ቃል ልዑል ኣላህ እዩ: **«ብዜካኡ ኻሊእ ኣምላኽ ከምዘየለ ምስ ፍትሒ ጠጠው ኢሉ መስኺረ። መልኣኽቲን ሰባት ፍልጠት `ውን መስኺሮም። ብዜካኡ ኻሊእ ኣምላኽ ዘየሎ ኣሸናፊን በዓል ጥበብን እዩ።»** (ኣሊ ዒምራን 18)

ናታ ትርጉም: “ብዜካ ኣላህ ናይ ብሓቂ ዝምለኽ የለን።” ማለት እዩ።

“ላ ኢላሀ”: መግዛእቲ ብዜካ ኣላህ ካብ ዘሎ ኲሉ ትነፅግ፤

“ኢለሏህ”: መግዛእቲ ንኣላህ ጥራይ ብብሕታውነት ተፅንዕ፤ በቲ ኣመሓዳርነቱ ሽርካ ከምዘይብሉ ማለት እዩ።

ብሩህ ዝገብራ መብራህርሂ ድማ ዝስዕብ ቃል ልዑል ኣላህ እዩ: **« {ኢብራሂም ነቦኡን ንህዝብታቱን (ዝስዕብ) ዝበሎም እዋን (ዘክር)። «ኣነ ንስኻትኩም ካብ ተምልኹዎ ዝፀረኹ እየ። (26) «ብዜካ እቲ ዝፈጠረኒ(ኣየምልኽን)። ንሱ ይመርሓኒ።» (27) ወለዱን ስድራኡን ንኽምለሱ (ብሓድነት ኣላህ ምእማን) ኣብ ድሕሬኡ ትተርፍ ቃል ገይሩዋ።(28)»**(ዙኽሩፍ 26-27)

ኽምኡ `ውን: **«<ኦ ኣቱም ሰባት መፅሓፍ! ኣብ ሞንጎ ንሕናን ንስኻትኩምን ናብ ዘላ ሞንጎኛ ቃል ምፁ። (እዚ ኽዓ) ብዜካ ኣላህ ንኽይንግዛእ፣ ብኡ ሽርካ ንኽይንገብረሉ፣ ገለና ንኻልኦትና ብዜካ ኣላህ ዝኾነ ጎይታ ገይሩ ንኽይትሕዝ እዩ።> በሎም <እንተኣብዮም ንሕና ሙስሊማት ምዃንና መስኽሩ> በሎም»** (ኣሊ-ዒምራን 64) **(1)**

ዝኾነ ሰብ "ትርጉም 'ላኢላሀ ኢለሏህ' 'ላ መዕቡደ ኢለሏህ/ብዜካ ኣላህ ዘምልኹዎ የለን' ማለት እዩ።" እንተይሉ ኽ? ንሕና ድማ "እዚኣ ኣበሃህላኻ ጌጋ እያ።" ንብሎ። ምኽንያቱ ብመሰረት እዚ ኣገላለፃ ብዜካ ኣላህ ዝምለኽ ኩሉ ልክዕ ከምዝኾነ ዝሕብር ስለዝኾነ። ግን `ከ "...ናይ ብሓቂ ዝምለኽ..." ብዝብል ኣገላልፃ እንተተገሊፁ ግን ብዜካ ኣላህ ብዘምልኹዎ ከምዝኸሓደን ብዜካ ኣላህ ድማ ናይ **ብሓቂ** ዝምለኽ ከምዘየለን ብሩህ ይገብር እዩ።

"ትርጉም ናይ 'ላኢላሀ ኢለሏህ' 'ብዜካ ኣላህ ናይ ብሓቂ ጎይታ የለን' ማለት እዩ።" እንተይሉ `ኽ?

ንሕና ድማ "እዚ ዝበልካዮ ልክዕ እዩ፤ ይኹን ደኣ`ምበር ትርጉም ናይ 'ላኢላሀ ኢለሏህ' ግን ኣይኮነን። ንስኻ ዝገለፅካዮ ተውሒዱ ሩቡቢያ እዩ፤ እዚ ድማ ነብዩ ﷺ ዝተለኣኹሎም ሙሽሪካት `ኳ ዝቕበሉዎን ናብ ኢስላም ግን ዘየእተዎምን እዩ።"

**(1)** **«<ኦ ኣቱም ሰባት መፅሓፍ! ኣብ ሞንጎ ንሕናን ንስኻትኩምን ናብ ዘላ ሞንጎኛ ቃል ምፁ።...»** ዝብል ቃል ኣላህ ኣብ ሞንጎ ሃይማኖታት ምስምዕማዕ ንዝብሉ ሰባት ዉዳቅ ከምዝኾነ መልሲ ትህበሎም መርትዖ ሒዛላ።

**(1)** ረቢ ይርሓመሎም ሸይኽ ንዝተጠቅሰ ቃል ልዑል ኣላህ ሙሓመድ ልኡኽ ኣላህ ንምዃኖም ከምመርትዖ ገይሩ ኣምፅአ፤ በዚ ቃል ልዑል ኣላህ ናቶም ልኡኽ ምዃን ከምቲ ኣገላልፃ ቋንቋ ብሰለስተ መጠናኸሪታት እዩ ኣጠናኺሩ ዝገለፆም።

**(2)** ረቢ ይርሓመሉ ሸይኽ ናይ "ሙሓመደን ረሱሉሏህ" ቃል ሸሃዳ ትርጉም ብኸምዚ ገሊፆሞ: እዚ ቃል ሸሃዳ ልክዕ ንክኸውን ንሕድሕድ ወዲን ጓልን ሙስሊም እዘን ዝተገለፃ ከረጋግፅ ግድን እዩ፡

ረሱል ﷺ ብዝኣዘዙዎ ምእዙዝ ምዃን፣ ንዝበሉዎ ሓቂ ኢልካ ምቅባል፣ ካብ ዘጠንቀቁዎን ዝኸልከሉዎን ምርሓቅን ብዝሓንፀፁዎን ብዝገለፁዎን `ምበር ንኣላህ ዘይምግዛእን ማለት እዩ ሶለዋትን ሰላምን ኣብ ልዕሌኦም ይኹን `ሞ።

ሙሓመድ ልኡኽ ኣላህ ንምዃኖም መርትዖኡ ዝስዕብ ቃል ልዑል ኣላህ እዩ: **«ካባኻትኩም ዝኾነ፤ ንዓኻትኩም ዘፀግመኩም ንዑኡ ዝሕይሎ፣ ብዓኻትኩም (እምነት) ኣመና ህርፋን ዘለዎ፤ ንኣመንቲ ኣዝዩ ራህራህን ኣዝዩ ዝሓዝንን ዝኾነ ልኡኽ ብርግፅ መፂኡልኩም።»** (ኣት-ተውባህ 128) **(1)**

"ሙሓመድ ልኡኽ ኣላህ እዩ" ናይ ዝብል ቃል መስኻሪ ትርጉም: ብዝኣዘዙዎ ምእዙዝ ምዃን፣ ንዝበሉዎ ሓቂ ኢልካ ምቅባል፣ ካብ ዘጠንቀቁዎን ዝኸልከሉዎን ምርሓቅን ብዝሓንፀፁዎ `ምበር ንኣላህ ዘይምግዛእን ማለት እዩ። **(2)**

**ሙሓመድ ልኡኽ ኣላህ ምዃኖም ቃል ሸሃዳ ምሃብ "ዘምልኹ `ምበር ዘይምለኹ ባርያን ሓሶት ዘይበሃሉ ልኡኽን እዮም" ኢልካ `ው ን ምእማን እዩ፤ እዚ ማለት ድማ፡**

| | | | |
|---|---|---|---|
| ሶለዋትን ሰላምን ኣላህ ኣብ ልዕሌኦም ይኹን `ሞ በቲ ዝኣዘዝዎ ኩሉ ኽንእዘዝ ፤ ከምቲ ናብ ኣላህ ዘብፅሑ ልኡኽ ምዃኖም | ሶለዋትን ሰላምን ኣላህ ኣብ ልዕሌኦም ይኹን `ሞ በቲ ዝተዛረቡዎ ሓቂ ኢልና ክንቅበል፤ ከምቲ ሓቀኛን ሓቂ ዝበሃሉን ምዃኖም | ሶለዋትን ሰላምን ኣላህ ኣብ ልዕሌኦም ይኹን `ሞ እቲ ዘጠንቀቁዎን ዝኸልከሉዎን ምርሓቅ፤ ነብዩ ﷺ ዝኸልከሉዎ ብሓደ መሳ ጌርካ ንስኻ ብኻሊእ መሳ ክትኸውን | ብዜካ ካብ ነብዩ ﷺ ዝመፀ መንገዲ ንጎይታ ኣላህ ዘምግዛእ፤ ብዚኣ ቢድዓ ንዘምፁ ሰባት (ረድ) መልሲ ትህበም። |

ንሶላትን ዘካን (ዒባዳ ምኺን)ን ንትርጉም ተውሒድን መርትዖኡ ዝስዕብ ቃል ልዑል አላህ እዩ: **«ሃይማኖት ንዑኡ ገይሮም፣ ካብ መሻርኽቲ አፅሪዮም፣ ቅኑዓት ኮይኖም ንአላህ ከምልኹዎ፣ ሶላት `ውን አዐሪዮም ኽሰግዱ፣ ዘካ `ውን ክህቡ `ምበር ዘይተአዘዙ(ተፈላለዩ)። እዚ ድማ እዩ እቲ ልክዕ ሃይማኖት።»** (አል-በይናህ 5) (1)

ንፆም (ዒባዳ ምኺን) መርትዖኡ ዝስዕብ ቃል ልዑል አላህ እዩ: **«አ አንቱም አመንቲ! ከምቲ ነቶም ቅድሜኹም አብ ዝነበሩ (ህዝብታት) ከም ዝፀሓፍናሎም አብ ልዕሌኹም `ውን ፆም ፅሒፍና። ምእንታን ረብኹም ትፈርሑ።»**(አል-በቀራህ 183) (2)

ንሓጅ (ዒባዳ ምኺን) መርትዖኡ ዝስዕብ ቃል ልዑል አላህ እዩ: **«...ንአላህ `ውን አብ ልዕሊ ሰባት ናብኡ ገይሺ አብ ዝኽአለ ኩሉ ገዛኡ ዝያራ ናይ ምግባር ግቡእ አለዎም። ንዝኽሓደ ግን አላህ ካብ ዓለም ዘየድልዮ እኹል እዩ።»** (አል-ዒምራን 97) **(3)**

**(1) ሶላት ኻልአይ ዓንዲ:**

እዚ `ውን ብተክቢር (አሏሁ አክበር) ተበጊሱ ብተስሊም (አሰላሙ ዓለይኩም) ዝዛዝምን ንአላህ ፍልይ ብዝበሉ ቃላትን ምግባራትን ክተምልኽ ማለት እዩ። መሰረት ዲን እዩ፤ ዝተሓንፀፆ ድማ ብዜካ ሞንጎኛ(መልእኽቲ ዘምፅእ መልአኽ) ካብ አላህ እዩ። እዚ `ውን ነብዩ ﷺ ናብ ሰማይ ጉዕዞ አብ ዝገበሩሉ እዋን ሚዕራጅ እዩ።

**ዘካ ሳልሳይ ዓንዲ:**

ከም ቋንቋ: ምዝያድን ምፅራይን ማለት እዩ።

ክልተ ዓይነት ድማ እያ: ዘካ አካልን ዘካ ገንዘብን

**(2) ፆም ራብዓይ ኩርናዕ:**

**ከም ቋንቋ**: ዓርስኻ ምዕቃብ

**ከም ሸሪዓ**: ፀሓይ ካብ ዝወፀትሉ እዋን ጀሚርካ ብኒያ ፆም ክሳብ ትዓርበሉ እዋን ፆም ካብ ዘዕንዉ ነገራት ብምዕቃብ ንአላህ ምግዛእ ማለት እዩ። ፆም ሰለስተ ዓይነታት ሰብረ ዝሓዘ ከም ምኺኑ ካብ ብሉፃት ዓይነታት ዒባዳ ሓደ እዩ፤ አላህ ዓስቢ ፀዋሚ ዝገለፀ ናብ ባዕሉ አፀጊዑ አፀጊዑ ምኺኑ ድማ ዋኒኑ ዘለዎ ዕብየት ይሕብረና።

**(3) ሓጅ ሓምሻይ ዓንዲ:**

**ከም ቋንቋ**: ሓሳብ ማለት እንትኸውን

**ከም ሸሪዓ**: ድማ በቲ ካብ ነብዩ ﷺ ዝመፀ ከይዲ ስዒብካ ስርዓት ሓጅ ብምግባር ንአላህ ምግዛእ ማለት እዩ።

አብ ሙሉእ ዕድመ ሓንሳብ ሓጅ ምግባር አብ ኩሉ()ይ ሙስሊም ግቡእ እዩ።

## ኻልአይ ብርኪ: ኢማን

**ከም ቋንቋ፥** ምርግጋፅ
**ከም ሸሪዓ**: ብልሳንካ ዝበሃል፣ ብልብ እምነት ጌርካ ዝተሓዝ፣ ብአካልን ልቢን ዝስራሕ ዘለዎ ብምእዙዝነትካ ዝውስኽን ብምእባይ ዝንኪን እዩ።

ኢማን ከምሸሪዓ ሓሙሽተ ነገራት ኽሕዝ ግድን እዩ። ካብዞም ነገራት ሓደ እንተነኪዩ ካብ ሓፈሻዊ ፍታሕ አህሉ ሱና ወልጀማዓ ይወፅእ።

ንዚኦም ሓሙሽተ ነገራት መርትያኦም እንታይ እዩ? ልኡኽ አላህ ﷺ ዝስዕብ ምባሎም: "እቲ ዝለዓለ 'ላኢላሀ ኢለሏህ' ዝብል ቃል እንትኸውን…" ዝብል ዘረባኦም ቃል አብ ኢማን ምኟኑ ይሕብር።

"እቲ ትሑት ድማ ንሰባት ዘሸግር ነገር ካብ መንገዲ ምልዓል እዩ።" ዝብል ድማ ንናይ አካል ስራሕ አብ ኢማን ምኟን ይሕብር።

"ሓያእ `ውን …" ዝብል ዘረባኦም ድማ ስራሕቲ ልቢ ይገልፅ።

**ኻልአይ ብርኪ: ኢማን**
ሰብዓን ገለን ብርክታት ዘለውዎ እንትኸውን እቲ ዝለዓለ ***ላኢላሀ ኢለሏህ*** እቲ ትሑት ድማ ንሰባት ዘሸግር ነገር ካብ መንገዲ ምልዓል እዩ፤ ሓያእ `ውን ካብ ኢማን እዩ።
ሽዱሽተ ኩርናዕ አለዎ:
ብአላህ፣ በመልአካት፣ በኪታብቲ፣ በልኡኻት፣ ብመወዳእታ መዓልቲ ክትአምንን ብዝትፈትዎ ይኹን ትፀልኦ ቀደር ምእማን እዩ።ንዚኦም ሽዱሽተ ዓንዲታት ድማ መርትያኡ ዝስዕብ ቃል ልዑል አላህ እዩ: **«እቲ ሰናይ ስራሕ ገፅኹም ናብ አንፈት ምብራቕ ወይ ምዕራብ ምግባር አይኮነን፤ ሰናይ ስራሕ ግን ብአላህ፣ ብመወዳእታ መዓልቲ፣ ብመልአካት፣ ብመፅሓፍቲን ብነብያትን አሚኑ …እዩ።»** (አል-በቀራህ 177).
መርትያ ናይ ቀደር ድማ ዝስዕብ ቃል ልዑል አላህ እዩ: **«ንሕና ኩሉ ነገር ብልክዕ (ብቀደር) ፈጢርናዮ።»** (አል-ቀመር 49).

ልዑል አላህ (ብዛዕባ ዕላል ሙናፊቃት) ኸምዚ ይብል: **«… ንመኔኹም እያ እዚአ (ቃል አላህ) እምነት ዝወሰኸትሉ ዝብል ሰብ አሎ።»** (አት-ተውባ 124) እዚ ድማ ኢማን ከምዝውስኽ ዝሕብር እንትኸውን ዝውስኽ እንተኾይኑ ብተፃራሪኡ ምንካዩ ድማ ግድን እዩ። ብዛዕባ ምንካይ ዲን ካብ ነብዩ ﷺ ዝስዕብ ብሩህ ሓዲሥ መፂኡ`ሎ "**ዋሕዲ ዲንን አተሓሳስባን ዘለዋ ምስ ምኟና … አይረአኹን።**" ስለዚ ዲን ይንኪ እዩ።

## ሽዱሽተ ኩርናዓት ኢማን

- **ብ**ኣላህ ምእማን
- ብ**መል ኣካት** ምእማን
- በ**ኪታ ብቲ** ምእማን
- በ**ልኡኽት** ምእማን
- ብ**መወ ዳእታ መዓልቲ** ምእማን
- ብዝፍቶን ዝፅላእን **ቀደር** ምእማን

## ቀዳማይ ኩርናዕ ብኣላህ ምእማን ኣርባዕተ ነገራት ግድን የብል

- ልዕልና ንዑኡ ይኹን `ሞ ዘሎ ብምዃኑ ምእማን: ብኣርባዕቴኡ መንገዲ ዝተረጋገፀ እዩ
- ብ (ተውሒደል ሩቡቢያህ) ጎይታዊ መንነቱ ብሕታውነት ምእማን
- ብ (ተውሒደል ኡሉሂያህ) ኣምላካዊ መንነት ሓድነቱ ምእማን
- ብ (ተውሒደል ኣስማኢ ወሲፋት ) ሽምን ባህርያትን መንነቱ ሓድነቱ ምእማን

### ብኣእሙሮ

ፍጡራት ብዜካ ፈጣሪ ክርከቡ ምኽኣሎም ጥዑይ ኣተሓሳስባ ኣይቅበሎን «ወይ ብዜካ ዝኾነ (ፈጣሪ) ዶ ተፈጢሮም? ወይለ ንሳቶም እዮም ፈጠርቲ?! » (ኣል-ጡር 35)

### ብወድዓዊ ሓቂ

ኣብ እዋን ሽግርን ጭንቅን ኢድካ ልዕል ኣቢልካ "ያ ረብ! (ኣንታ ጎይታይ!)" እንተይልካ እቲ ዘለካ ሽግር ምስ ፍቃድ ረቢ ሱብሓነሁ ወተዓላ ተላዒሉ ኢኻ ትረኽቦ።

### ከምቲ ተፈጥሮኣዊ መንነት

"ዝውለድ ኩሉ ኣብ ተፈጥሮኣዊ መንነቱ (ኣብ ኢስላም) ኮይኑ እዩ ዝውለድ፤ እቶም ወለዱ እዮም ኣይሁድ ወይ ክስታናይ ወይ ኽዓ ባርያ ሓዊ ዝገብሩዎ።" (ቡኻሪይን ሙስሊምን)

### ከም ሸሪዓ

ረቢ ይርሓመሎም ኢብኑል ቀይም "ብቁርኣን ዝኾነ ዓይነት ዓንቀፅ የለን ናብ ሓድነት ኣላህ ዘማላኽት ጥራይ `ምበር።"

## ኻልአይ ዓንዲ ብመልአካት ምእማን

መልአካት: በቲ ብዓይኒ ዘይረአይ ዓለም ዘለው፤ ካብ ትእዛዝ ረቢ ዘይወፁ ምእዙዛት፤ ረቢ ካብ ብርሃን ዝፈጠሮም፤ መንፈር `ውን ዘለዎም `ዮም። ህይወት አለዎም «እቲ ቁዱስ መንፈስ» (አል-ነሕል 87) አካል `ውን «... በዓል ከክልተ፣ ሰሰለስተ፣ በዓል አርባዕተ አርባዕተ መናፍር ዝኾኑ ልኡኽ መልአካት ንዝገበረ ጎይታ ይኹን። ካብ ፍጡራቱ ንዝደለዮ ይውስኽ ...» (ፋጢር 1) አዕሙሮን ቀልቢን `ውን አለዎም «ምስንባድ ካብ ልቦም ግልፂ ክሳብ ዝኸውን <ጎይታኹም እንታይ ኢሉ?> ይብሉ» (ሰባእ 23) ንአምን፤ አብ ሞንጎኦም ሽሞም ብንፈልጦም ከምኒ ጅብሪል፣ ሚካኤልን ኢስራፊልን ዘበለ፤ ባህርያቶም `ውን «...ንአላህ ብዘይምእዙዝነት አይዕምፁን፤ ንዝተአዘዙዎ ድማ ገበርቲ እዮም።» (አት-ተሕሪም 6) ብስራሕቶም ከምኒ ዓርሽ ዝፆሩዎ መልአካት ዘበለ፤ብዛዕበኦም ብዝርዝር ይኹን ከምብሓፈሻ ብዝመፀ ኩሉ ንአምን።

## ሳልሳይ ኩርናዕ ብመፅሓፍቲ ምእማን

ረቢ ብተዘዋዋሪ ዘይኾነ ናይ ብሓቂ ዝተዛረበሉ ምኳኑ፤ ካብኡ ዝመፁ `ምበር ዝተፈጠሩ ከምዘይኾኑ፤ አላህ ምስ ኩሉ ልኡኽ መፅሓፍ ከምዘውረደ፤ ብአ ብዝርዝር ይኹን ከም ብሓፈሻ ብዝተሓበረና ካብ ሽሞም፣ ሓበሬታኦምን ክሳብ ዘይተሰዐረ ሕግታቶም ውን ንአምን፤ ቁርአን ድማ ቅድሜኡ ንዝነበሩ ኪታብቲ ኩሉ ዝሰዓረ ምኳኑ ንአምን። ንሳቶም `ውን ተውራት፣ ኢንጂል፣ ዘቡር፣ ሱሑፍ ኢብራሂምን ሙሳን (ዓለይሂማ ሰላም) እዮም።

## ራብዓይ ኩርናዕ ብልኡኻት ምእማን

ካብ መንነት ጎይታ ወላ ሓንቲ ዘይብሎም ደቅ ሰባት ምኳኖም፤ ዘምልኹ `ምበር ዘይምለኹ ባሮት ምኳኖም፤ ረቢ ዝለአኾምን ናቱ መልእኽቲ ዘመሓላለፈሎምን ከምኡ `ውን ብተአምር ዘጠናኸሮምን እዮም፤ ንሳቶም `ውን ሓደራኦም አብፂሖም ህዝቦም ምዒዶም መልእኽቶም አብፂሖም፤ ብመንገዲ አላህ ናይ ብሓቂ ዝተቃለሱ ምኳኖም ንአምን፤ ብኦም (ምህላው) ንአምን። አላህ ብዛዕበኦም ሽሞም፣ ባህርያቶም ከምብሓፈሻ ወይለ ብዝርዝር ዝሓበረናን ዝበለናን ኩሉ ንአምን። ፈላማይ ነብይ አደም፤ ፈላማይ ሩሱላት ኑሕን መዛዘሚ ነብያትን ልኡኻትን ድማ ሙሓመድ ሰለሏሁ ወሰላሙሁ ዓለይሂም ምኳኖም ኸምኡ `ውን ኩሎም ቀዳሞት ሸሪዓታት ብሸሪዓ ነብዩ ሙሓመድ ﷺ ከም ዝተሰዓሩ ንአምን። አብ ሞንጎኦም ኡሉል ዓዝም ንዝተበሃሉ ሓሙሽተ ልኡኻት አላህ ዓዘ ወጀል አብ ክልተ ቦታታት ብሱረቱል ሹራን ብሱረቱል አሕዛብን ዘኪሩዎም አሎ፤ ንሳቶም `ውን: ሙሓመድ ﷺ ፣ ኑሕ ዓለይሂ ሰላም፣ ኢብራሂም ዓለይሂ ሰላም፣ ሙሳ ዓለይሂ ሰላም፣ ዒሳ ዓለይሂ ሰላም እዮም።

## ሓሙሻይ ኲርናዕ ብመወዳእታ መዓልቲ ምእማን

ነብዩ ﷺ ብዛዕባ ድሕሪ ሞት ብዝተዛረቡዎ ኩሉ ምእማን ዘጠቓልለ እዩ። ፈተና ቀብሪ፣ ብጡሩምባ ምንፋስ፣ ናይ ሰባት ካብ ቀብሪ ምትሳእ፣ ብሚዛን፣ ብመዝገብ፣ ብሲራጥ፣ ብሓውዲ (ውሒጅ ነብይና)፣ ብሽፋዓ (ምስ ጎይታ ምዕራይ)፣ ብጀነት፣ ብጀሃነም፣ ድሕሪ ሞት ጀነት ዝአተው ሰባት ረቦም ከምዝርእዩዎ ብኻልኦት ምሽጥራት ገይቢ (ብህዋሳት ስምዒት ብዘይፍለጥ) ንአምን።

## ሻድሻይ ኲርናዕ ብዘሕጉስ ይኹን ዝቅንዝው ቀደር ምእማን

## (እዚ ኲርናዕ አርባዕተ ነገራት ከጠቓልል ግድን እዩ)

| ፍልጠት: | ምፅሓፍ: | ድልየት: | ምፍጣር: |
|---|---|---|---|
| ልዑል አላህ ብዝርዝርን ከምብሓፈሻ ን ኩሉ ነገር ከምዝፈልጥ ምእማን | ልዑል አላህ ክሳብ መዓልቲ ቂያማ ናይ ዝኸውን ኩነታት ቀደር ኩሉ ከምዝፀሓፈ ምእማን | ድላይ አላህ ከምዝኸውን ድላይ አላህ ዘይኾነ ድማ ከምዘይኸውንን ባርያ `ውን ናይ ዓርሱ ናፃ ድልየት ከምዘለዎ ይኹን ደአ`ምበር ትሕቲ ድላይ ረቢ ከምዝኾነት ምእማን | ደቅ ሰባት ይኹን ኻልኦት ምስ ምግባራቶም ዝፈጠረ አላህ ምኧኑ፤ መርትዖኡ ድማ: «…አላህ ፈጣሪ ኹሉ…» (አል-አንዓም 101) «አላህ እዩ ፈጢሩኩም ስራሕትኹም `ውን…።» (አስ-ሷፋት 96) |

ምፍላጥ ምፅሓፉ ምስ ድልየት ረብና

ከምኡ ውን ምፍጣሩ ምርካብ ናይ ዓለምና

ዝብል መስመር ግጥሚ አርባዕቲአን ሓዊሱ ንረኽቦ።

**ሳልሳይ ብርኪ፡ ኢሕሳን**

እቲ ዝለዓለ ብርኪ ዲን እንትኸውን፤ ሓደ ኩርናዕን ትሕቲኡ ድማ ክልተ ብርክታትን ኣለውዎ

**ናይ ምርአይ ዒባዳ (ዒባደቱል ሙሻሀዳሀ)**

(ጣዕሚ ዒባዳ ምስ ምርካብ) ኣብ ኣላህ ንዘሎ ምስ ምፍታው፣ ሃንቀውታን ህርፋንን ዝግበር ዒባዳ እዩ፤ ናይ ነብያትን ልኡኻትን ዓለይሂሙ ሰላም ኢባድ እንትኸውን ኻልኦት `ውን ክበፅሑዎ ዝኽእሉዎ ብርኪ እዩ።

**ናይ ሕሉው ዒባዳ (ዒባደቱል ሙራቀባህ)**

(ዝቋፃፀር ከምዘሎ ብምሕሳብ) ብፍርሒን ምግላብን ዝግበር ዒባዳ እንትኸውን ዝኾነ ይኹን ሙስሊም ካብዚ ብርኪ ኣይወፅእን።

**ሳልሳይ ብርኪ**: ሓደ ኩርናዕ እዩ ዘለዎ "**ንኣላህ ከምቲኣ ትርእዮ ኾይንካ ክተምልኾ፤ ንስኻ እንተዘይረኣኻዮ `ውን ንሱ ስለዝረኣካ።**" መርትዖኡ `ውን ዝስዕብ ቃል ልዑል ኣላህ እዩ: **«{ኣላህ ምስቶም ዝፈርሑን ምስቶም ሰናይ ዝሰርሑ ዝኾኑን እዩ።»** (ኣል-ነሕል 128) ዝስዕብ ቃሉ `ውን: **«በቲ ሓያልን ሓዛንን (ጎይታኻ) ተፀጋዕ። ۝ (ናብ ሶላት) ጠጠው ኣብ ትብለሉ እዋን ዝርእየካ። ۝ ኣብ ሞንጎ ዝሰግዱ ሰባት ክትጋለበጥ `ውን ከሎኻ (ዝርእየካ)። ۝ ንሱ እቲ ሰማዓይ ፈላጥ እዩ። ۝»** (ኣሽ-ሹዐራእ 217-220) ዝስዕብ ቃሉ `ውን: **«(ኣንታ ሙሓመድ!) ብሓደ ኩነት ኣይትኾንን፣ ካብኡ ካብ ቁርኣን `ውን ኣይተንብብን፣ ዝኾነ ስራሕ `ውን ኣይትሰርሑን ኣብቲ ኩነታትኩም ንሕና `ውን ዘለና እንተኾንና `ምበር ።»** (ዩኑስ 61)

**መብርሂ:** ኣብዚ ብርኪ ዘሎ ባርያ ንኣላህ ምፍታው ጥራሕ `ምበር ንዑኡ ፍርሒ ዝበሃል ዘይብሉ ማለት ኣይኮነን፤ ግን ኣብዚ ብርኪ ንዘሎ ባርያ እቲ ሓያል ንዒባዳ ዘለዓዕሎ ንኣላህ ሱብሓነሁ ወተዓላ ዘለዎ ምፍታው እዩ ማለት እዩ፤ ናይ ነብዩ ﷺ "እሞ ደኣ ዘመስግን ባርያ ክኸውን ኣይግበኣኒን ድዩ!" ምባሎም ኣብዚ ዝጣቃለል እዩ።

ካብ ሓዲሥ ድማ መርትዖኡ: ካብ ዑመር ረድየሏሁ ዓንሁ ዝተፀብፀበ ፍሉጥ ሓዲሥ ጅብሪል እዩ፡ «ሓደ እዋን ምስ ልኡኽ ኣላህ ﷺ ኮፍ ኢልና ከሎና ኽዳኑ ኣዝዩ ፃዕዳ ጨጉሩ ኣዝዩ ፀሊም ዝኾነ ሰብ ቦኽ በለ። ምልክት ገያሻይ ኣይረአየሉ ዋላ ኣብ ሞንጎና ድማ ዝፈልጦ የለን። ግን መፀኧ `ሞ ናብ ነብዩ ﷺ ተፀጊዑ ብርኩ ናብ ብርኪ ነብይ ﷺ ለኪሙ ኣእዳው ኣብ ሸለፉ ገይሩ ኮፍ በለ`ሞ "ኣንታ ሙሓመድ! እስኪ ብዛዕባ ኢስላም ፅወየኒ?" በሎም። ልኡኽ ኣላህ ኸዓ ﷺ **"ኢስላም `ማ ብ'ላኢላሀ ኢለሏህ ሙሓመዱን ረሱሉሏህ' ዝብል ቃል ምስክርነትኻ ምሃብ፣ ሶላት (ብዝተማልኧ ስርዓት) ምስጋድ፣ ዘካ ምሃብ፣ ረመዷን ምፅዋም፣ ገይሹ ንዝኸአለ ድማ ሓጅ ምግባር እዩ።"** በሉዎ። "ሓቅኻ!" በሎም። "ተደሚምና! ይሓቶም `ሞ 'ሓቅኻ!' ድማ ይብሎም።"» በለ። «"እስኪ ብዛዕባ ኢማን ኸ ፅወየኒ?" በሎም። እሶም ድማ **"ብኣላህ፣ ብመልአካቱቱ፣ ብኪታብቱ፣ ብልኡኻቱ፣ ብመወዳእታ መዓልቲ ክትኣምንን ብዘሕጉስ ይኹን ዝቕንዝው ቀደር `ውን ክትኣምን እዩ።"** በሉዎ። "ሓቅኻ!" በሎም። "ብዛዕባ ኢሕሳን ኸ እስኪ ፅወየኒ!" በሎም። እሶም ድማ **"ንኣላህ ከምታ ትርእዮ ጌርካ ክተምልኾ እዩ ልክ፤ ዋላ ንስኻ እንተዘይረአኻዮ `ውን ንሱ ስለዝርእየካ።"** "ብዛዕብ እታ ሰዓት ኸ እስኪ ፅወየኒ!" በሎም። እሶም ኸዓ **"ብዛዕባአ ተሓታታይ ካብ ሓታታይ ዝሓሸ ዝፈልጦ ነገር የለን።"** በሉዎ። "`ሞ እስኪ ብዛዕባ ምልክታታ ፅወየኒ!" በሎም። እሶም ድማ **"ጓል ኣነስተይቲ ዝኾነት ባርያ ጎይታአ (ሀለቃ ናታ) ምውላዳ፣ ሳእኒን ኽዳንን ዘይብሎም ጓሶት ብመንድቅ ክዋዳደሩ ምርአይኻ"** ኢሎሞ ኸደ። ካብኡ ድሕሪ ንገለ እዋን ምፅናሕና ልኡኽ ኣላህ ﷺ ኸምዚ በሉኒ **"ኣንታ ዑመር! ኣቲ ሓታቲ መን ከምዝኾነ ፈሊጥኻዮ ዶ?"** በሉኒ። ኣነ ኸዓ "ኣሏህን ልኡኹን ﷺ ብዝበለፀ ይፈልጡ" በልኹ። እሶም ድማ **"ጅብሪል እዩ! ዋኒናት ዲንኹም ኸምህረኩም እዩ መፂኡ።"** (ሙስሊም)

እዚ ሓዲሥ ንኢስላም፣ ኢማንን ኢሕሳንን ኩርናዓት መርትዖ እዩ። **"ብዛዕባአ ተሓታታይ ካብ ሓታታይ ዝሓሸ ዝፈልጦ ነገር የለን።"** ዝብል ብዜካ ኣላህ እታ ሰዓት (ቂያማ) መዓዝ ከምትኸውን ዝፈልጥ ከምዘየለ ይሕብር።

**ልኡኽ ኣላህ ﷺ "ባርያ ጎይታአ (ሀለቃ ናታ) ምውላዳ" ምባሎም**

ማለት: ከም ዓመፅ (ቆልዑት) ብዝሓት

ወይለ: ከም ብዝሓት ባርያ

ወይ: ምቅይያር ኩነታት

ወይ ድማ፡ ንጉስ (ሀለቃ) ዝኾነ ሰብ ንባርያኡ ይምርዐዋ `ሞ ትወልደሉ ካብኡ ድሕሪ ሞት ኣቦኡ እቲ ቆልዓ ሀለቃ ኣዴኡ ይኸውን

"ሳእኒን ኽዳንን ዘይብሎም ጓሶት ብመንድቅ ክዋዳደሩ ምርአይኻ"
"العالة" ማለት ደኸታማት ማለት እዩ።
ማለት እቲ ኩነታት ተቀይሩ እዚ ድኽነቶም `ውን ተቀይሩ ሃብትን ምብዕላግን ይኸውን ማለት እዩ።

## ካብ ሓዲሥ ጅብሪል (ዓለይሂ ሰላም) ንርደኦም ሓሳባት

**(1)** ኣብ ተምሃራይ ሽዱሽተ ግድን ዘብሉዎ መሰላት ኣለው: ንባዕሉ ዘለዎ መሰል፣ ንመምህሩ ዘለዎ መሰል፣ ንዝተመሃረሉ ቦታ ዘለዎ መሰል፣ ንብፆቱ ዘለዎ መሰል፣ ንመፅሓፉን ዘለዎ መሰልን ንፍልጠቱ ዘለዎ መሰልን እዩ።

**ንባዕሉ ዘለዎ መሰል**: ፍልጠት ዒባዳ ከምምኟኑ [ኢኽላስን ሰዓብነትን]፤ ናይ ብሓቂ ሰዓቢ ሰለፍ ኹን፤ ኣብ ፍልጠት ዝተደረተ ፍርሒ፣ ኣሏህ ረአይየይ እዩ ዝብል ስምዒት፣ ትሑትን ትዕቢት ምውጋድን ይሃልይኻ።

ከምዝአኽለካ ምግባርን ዙህድን: ብናይ ፍልጠት ገይፂ ምግያፅ፤ ዋኒን ቀሊል ዘይምግባር፣ ተባዕ መንነትኻ ምጥቃም፤ መን ኣሎ ከማይ ዝብል ስምዒት ምውጋድ፤ ካብ ዘይጠቅም ኮፍታ ምርሓቅ፣ ብሕዝነት ምግያፅ፣ ፅኑዕን ምርግጋፅን ይሃሊኻ።

ኣብ ምህዳን (ፍልጠት) ዓሚቅ ሓሳብን ልዑል ህርፋንን፣ ፍልጠቱ ሓሪኻ ምፍላይ፣ ሓላፍነትኻ ምሕላው፣ ዝተምሃርካዮ ብፅሑፍን ሸምዲድካን ምሕላው።

ጨንፈራዊ ፍልጠት ካብ መሰረታዊ ፍልጠት ብምፍላይ ምስትብሃል፤ ናብ ኣላህ ምፅጋዕ፤ ሓደራ ፍልጠትን ሓቀኝነትን ምሕላው።

ደላይ ዒልሚ መከላኸሊ ምሳርሒኡ ኣይፈልጥን ምባሉ፤ መዋእለ ንዋይ(ግዜ)ኡ ብስርዓት ምጥቃም፣ ንነብስኻ ዕረፍቲ ብምሃብ (ልሙድ ስራሕቲ ምግባር) የእውቀት፣ ኣዐሪኻ ምቅራእ ምልማድ ዳሕራይ ድማ ዓበይቲ ኩቱባት ምልማድ።

ግቡእ ንዝኾነ ሕቶ ብስርዓት ምሕታት፣ ነቲ ዝተብሃለ መልሲ ፅን ኢልካ ምስማዕ፣ ምስትብሃልን ምስራሕን፣ ብህድኣት ዝተመልአ ምምይያጥ፣ ፍልጠትካ ሕጅን ደሓርን ምርኣይ፣ ኣብ ሞንጎ ቁርኣንን ሓዲሥን ኩን፣ብኹሉ ዓይነት ትምህርቲ ምፍላጥ።

(ብዝፈለጥኻዮ) ምስራሕ: ልዕል ኢልካ ንክትረአይ፣ ንክትፍለጥን ፍቅሪ ዱንያን ምርሓቅ፤

ንባዕልኻ (ከምዘጉደልኻ ጌርካ) ብኽፍኣት ምሕሳብ፣ ንኻልኦት (ከምዝሕሹ ጌርካ) ብፅቡቅ ምሕሳብ፤

ዘካ ፍልጠት ኣይትረሳዕ: (ንሓቂ ተባዕ፤ ኣዚኻ ብፅቡቅ ኣዛዘይ ካብ ኽፍኣት ትኽልክል፤ ዝጠቅምን ዝጎድእን ምልካዕ፤ ፍልጠትካን ዘለካ ማሕበራዊ መንነትን እናሃብካ ንኻልኦት ምጥቃም ሓሳብኻ ምግባር፤ ሰናይ ብምስራሕን ሓቂ ብምሕባርን ኣብ ሞንጎ ሙስሊሚን ምትዕራይ።

ተኸባቢርካ ምንባር፣ ንፍልጠት ሓለዋ ምግባር፣ ንዲንኻ ኢልካ ዱንያ ሰአን `ምበር ንዱንያ ኢልካ ዲንኻ ዘይምሃብ፣ እኹል ዘይኾንካ ንክተምህር ንቀደም ዘይምባል።

ንኒጋታት ዓሊምን ንፍልልይ ቃል ዑለማታትን ዘለካ መንነት ጠመተ ምግባር።

ሕውነትን ፅልኢን ትገብረሉ ጋንታዊ ወይ ዓሌታዊ አረአእያ ዘይገበርካ መደናገርቲ ምልዓል፤

**ሙሓመድ ቢን ዓብዱል ወሃብ ቢን ሱለይማን አት-ተሚሚይ**
ረቢ ይርሓመሉን በቲ ገፊሕ ጀነቱ ያእትዎን

መብራህርሂ ዝኸበሩ ሸይኽ
**ሀይሠም ቢን ሙሓመድ ጀሚል ሰርሓን**
ሕሉፍ መምህር ኽቡር መስጅዱ ነበውይን
ናይ ታእሲለል ዒልምይ ዌብሳይት ሓላፊን
http://attasseel-alelmi.com

ተርጓም፡

**ሙሓመድ ማሕሙድ/ራያ**

ንዑኡ፣ ንወለዱን እዚ ኺታብ ንኽወፅእ ሓገዝ ንዝገበረን ኩሉ

ረቢ ምሕረቱ ይግበር

ቀዳማይ ሕታም

መሰሉ ብሕጊ ዝተሓለወ

إلَّا من أراد طبعه أو ترجمته لتوزيعه مجَّانًا بعد مراجعة المؤلِّف

الرَّجاء التَّواصل على:

islamtorrent@gmail.com

# መሰረታዊ ፅሑፍ
# መፍረስቲ ኢስላም

**ረቢ ይርሓመሉ `ሞ ሸይኹል ኢስላም ሙሓመድ ቢን ዓብዱል ወሃብ ኸምዚ ይብል፡**

**ብሽም ኣላህ እቲ ኣዝዩ ራህራህን ኣዝዩ ዝሓዝንን ዝኾነ**

**መፍረስቲ ናይ ኢስላም ዓሰርተ ምኽኖም ፍለጥ!**

ቀዳማይ: ብመግዛእቲ ንኣላህ ሽርካ ክትገብረሉ: ልዑል ጎይታና ኸምዚ ይብል {ኣላህ ንዑኡ መሻርኽቲ ኽግበረሉ ኣይምሕርን እዩ። ካብዚ ወፃኢ ንዘሎ (ሓጢኣት) ንዝደለዮ ይምሕር። ...} (ኣን-ኒሳእ 48) ብኻሊእ ቃሉ {...እነሆ! ብኣላህ መሻርኽቲ ንዝገብር ሰብ ኣላህ ጀነት ንዑኡ ብርግፅ ሓራም ገይርዋ። መንበሪኡ ሓዊ እዩ። ንወፃዓት ድማ ረዳኢ የብሎምን} (ኣል-ማኢዳህ 72) ንኻሊእ ኢልካ ምሕራድ `ዉን ካብኡ እዩ። ንኣጅናን ወይድማ ንቀብሪ ከምዝሓርድዎ ዓይነት ማለት እዩ።

ኻልኣይ: ኣብ ሞንጎኡን ኣላህን ብዱዓ ዝፀውዖምም፣ ሽፋዓ (ዕርቂ ረቢ) ዝሓቶም፣ ዝምከሐሎም ዝኾኑ ሞንጎኛታት ዝገበረ ካፊር ንምኻኑ ኢጅማዕ (ሓድነት ድምፂ ዑለማታት) ዘለዎ እዩ።

ሳልሳይ: ሙሽሪኪን ካፊር ምኻኖም ዘየተቀበለ፣ ወይ ድማ ካፊር ንምኻኖም ዝትጣራጠረ ወይ `ውን መንገዶም ቅኑዕ ገይሩ ዝሕስብ ካፊር እዩ።

ራብዓይ: ዝኾነ ይኹን ዓይነት መምርሒ ካብ ናይ ነብዩ ﷺ መምርሒ ብዝሓሸ ዝተማልኤ ገይሩ ዝኣምን፣ ወይ ድማ ናይ ኻልኦት ሕግታት ካብ ናይ ነብዩ ﷺ ሕግታት ዝሓሸ ገይሩ ዝኣምን - ከምቶም ስራሕቲ ሰብ ዝኾኑ ሕግታት ካብ ሕጊ ነብይና ﷺ ዘብልፁዎ ዓይነቱ - ካፊር እዩ።

ሓምሻይ: ነብዩ ﷺ ሒዞሞ ካብ ዝመፁዎ (መምርሒ) ሓንቲ እኳ እንተፀሊኡ ዋላ ዝሰርሖሉ እንተኾነ `ውን ብዘየገድስ ካፊር እዩ።

ሻድሻይ: ካብ ነብዩ ﷺ ሃይማኖት ብዝኾነ ነገር ወይ ድማ ብዓስቢ ረቢ ወይ `ውን ብመቅፃዕቱ ዝሕጮጭ ካፊር ኮይኑ እዩ፤ ነዚ መርትዖና ዝስዕብ ቃል አላህ እዩ : {...«ብአላህ፣ ብዓናቅፁን ብልኡኹን ትሕጮጩ ዲኹም ኔርኩም?» በሎም። (65) ሰበብ አይትግበሩ፤ ብርግፅ ድሕሪ ምእማንኩም ኽሒድኩም ኢኹም።...}(አት-ተውባህ 65-66)

ሻውዓይ: ሲሕሪ - ከምኒ መስተፋቅርን መስተፃርርን ዓይነቱ `ውን - ወይ ዝሰርሐ ወይ ድማ ዝፈተወ ካፊር እዩ። ነዚ መርትዖና ዝስዕብ ቃል ልዑል አላህ እዩ: {«ንሕና ፈተና (ጥራይ) ኢና አይትኽሓዱ» ክሳብ ዝብሉ ወላ ሓንቲ አየምህሩን።} (አል በቀራህ 102)

ሻምናይ: (አብ ሞንጎ ፅልኢ ሙስሊሚንን ሙሽሪኪንን) ንሙሽሪኪን አብ ልዕሊ ሙስሊማት ሓገዝን ረድኤትን ምግባር። መርትዖና ዝስዕብ ቃል ልዑል አላህ እዩ: {...አብ ሞንጎኹም ረዳኢ ገይሩ ዝሕዞም ንሱ ምስኦም እዩ። አላህ ወፃዓት ህዝብታት አየቅንዕን። }(አል ማኢዳህ 51)

ታሽዓይ: ልክዕ ከምቲ ኽዲር ካብ ሙሳ ﷺ ሸሪዓ ወፂኡ ዝነበረ ንገለ ሰባት `ውን ካብ ነብዩ ሙሓመድ ﷺ ሸሪዓ ኽወፁ ይኽእሉ እዮም ኢሉ ዝአምን ካፊር ኮይኑ እዩ።

ዓሽራይ: ብዘይመሃሮን ብዘይሰርሖሉን ካብ ዲን ናይ አላህ ዝባኑ ዝሃበ። ነዚ መርትዖና ዝስዕብ ቃል ልዑል አላህ እዩ: {ብዓናቅፀ ጎይታኡ ካብ ዝተዘከረን ካብኡ ዝባኑ ካብ ዝሃባን ሰብ ንላዕሊ ዝበለፀ ግፍዐኛ መን አሎ? (የለን)፤ ንሕና ካብ ግፍዐኛታት ሕነ ፈደይቲ ኢና} (ሰጅዳህ 22)

ተገዲዱ ክሳብ ዘይኮነ ነዞም አፍረስቲ ዝገብር ብፀዋታዕ ይግበሮ ወይ ብቁምነገር ወይ ኽዓ ፈሪሑ ፍልልይ የብሉን። ኩሎም ድማ ሓደገኛ ዝኾኑን ንብዙሕ ግዜ ዝረአዩን እዮም። ሙስሊም ዝኾነ ሰብ `ውን ክጥንቀቅን ካብ ባዕሉ ስግአት ክሓድረሉን ይግባእ። ቁጠዐ ናቱን ዘሳቂ መቅፃዕቱን ካብ ዘስዕብ ብአላህ ንሕሎ። ሰላዋት ረቢና ካብ መላእ ፍጥረት ብሉፅ ብዝኾኑ፣ ብስድራኦምን ብብፆቶምን ይኹን።

# መብራህርሂ

## መእተዊ ናይ ሸይኽ

**ብሽም ኣላህ እቲ ኣዝዩ ራህራህን ኣዝዩ ዝሓዝንን ዝኾነ መፍረስቲ ናይ ኢስላም ዓሰርተ ምኽኖም ፍለጥ!**

**ዑለማታት ንምንታይ እዮም ፅሑፋቶም ብቢስሚላህ ዝጅምሩ?**

- ብኽቡር ሽም ረብና በረካን ቅንዕናን ከም ምድላይ
- ረቢ ይርሓመሎም ንቀዳሞት ከም መርኣያ ምስዓብ
- {ንኣላህ ብምዝካር ዘይተጀመረ ነገር ኩሉ ጉማድ እዩ} ዝብል ሓዲሥ ዶዒፍ እንተኾነ `ውን (ንልክዕ መልእኽቱ) ትርጉም ከም ምሃብ
- ብኣላህ ብመፃሕፍቱን ብነብያትን (ዓለይሂሙ ሰላም) ከም ምምራሕ

**ብቁርኣንን ሓዲሥን ቁፅሪ እንተተዘኪሩ:**

- ብቁርኣንን ሓዲሥን ካብቲ ዝተበሃለ ቁፅሪ ንላዕሊ እንተረኺብና እቲ ዝተበሃለ ቁፅሪ ትርጉም ኣይህልዎን። ማለት: ብመሰረት ቁርኣንን ሓዲሥን ካብቲ ዝተጠቕሰ ቁፅሪ ዝያዳ ይውሰኽ። ንኣብነት: *"ሓሙሽተ ነገራት ካብ ተፈጥሮ እዮም።..."* ከምኡ `ውን *"ሸውዓተ መጥፍኢታት ተጠንቀቑወን..."*
- ብቁርኣንን ሓዲሥን ካብቲ ዝተበሃለ ቁፅሪ ንላዕሊ እንተዘይረኺብና ግን እቲ ዝተበሃለ ቁፅሪ ትርጉም ይህልዎ። ማለት: ኣይውሰኽሉን። ንኣብነት: ብሓዲሥ ጅብሪል ዝመፅ ብዝሓት ኩርናዕ ኢስላምን ኢማንን

**አብ ገለ እዋን ተዘኪሩ ትርጉም ዘይህልዎ እንተኾይኑ ንምንታይ ደአ እቲ ቁፅሪ ይዝከር?**

እዚ ካብ ናይ ነብዩ ﷺ ፅቡቅ ሜላ ምምሃር እዩ። ነዚ ዝገብሩሉ ምኽንያት ካብቶም ዝሰምዑዎም ዘለው ሰባት በቲ ኮፍታኦም ንዝተብሃለ ድሕሪ እዋን ብቀሊሉ ንኽመፀሎምን አዕርዮም ንኽሕዙዎን ስለዝደለዩ እዩ። "ሰለስተ ዝምሕለለን ነገራት አለው። ዝፀውየኩም ነገር `ውን አለኒ ብቃልኩም ሓዙዎ፤ 'ሰደቃ ካብ ገንዘብ ባሪያ አይቅንሰሉን...'"

**ንምንታይ ኢና ብዛዕባ መፍረስቲ ናይ ኢስላም ንመሃር?**

ንኽንጥንቀቅን አብአን ንኸይንወድቅን ረብሓ አለዎ። እኒ ደአስ ዝለዓለ ረብሓ ካብ ዘለዎም እዩ። ከምቲ ዉዱእና ንኸይነጥፍእ ዉዱእ ዘጥፍኡ ነገራት ንመሃሮ፤ ሶላትና ንኸይጠፍእ ሶላት ዘጥፍኡ ነገራት ንመሃሮ ማለት እዩ። ሑዘይፋ ኢብኑል የማን ረድየለሁ ዓንሁ ኸምዚ ይብል: "ሰባት ንልኡኽ አላህ ﷺ ብዛዕባ ፅቡቅ ነገራት ይሓትዎም ነይሮም፤ አነ ድማ ንኸየጓንፈኒ ፍርሒ ብዛዕባ ሕማቅ ነገራት ይሓቶም እየ ነይረ።"

**ናይ ኢስላም መፍረስቲ ማለት እንታይ እዩ?**

እዚኦም ኢስላሙ ዘዕንውን ካብ ኢስላም ናብ ዓብይ ኩፍሪ ዘውፅኡዎን እዮም። ኢስላም ማለት <ዓርስኻ ንአላህ ኩለመዳይኻ ብሕታዊ ጌርካ (ብተውሒድ) ክትህብ፤ ብምእዙዝነትካ ንዑኡ ክትስዕብ፤ ካብ ሽርክን ሰባት ሽርክን ዓርስኻ ክተፅሪ እዩ።>

**ብቁፅሪ ዝተዓቀቡ ድዮም ኸ?**

ብቁፅሪ ዝተዓቀቡ አይኮኑን **ንምንታይ ደአ *"ዓሰርተ እዮም"* ኢሉ?**

ነቶም ሓደገኛታት ብቃልካ ንኽትሕዞም

**እዚኦም መፍረስቲ አብ ሞንጎ ዑለማታት ሓድነት ድምፂ አለወም ዶ?**

እወ!

**ዑለማእ ንምንታይ እዮም ሓደ ሓደ ጊዜ መፍረስቲ፣ ሓደ ሓደ ጊዜ ድማ መዝረግቲ ኻሊእ ጊዜ ኸዓ መዕነውቲ ዝብሉ?**

ንተምሃሪ ምእንታን መማረፂ ምብዛሕ እምበር መልእኽቱ ሓደ እዩ። ናይ ውዱእ/ኢስላም መፍረስቲ፣ መዕነውቲ ሶላት፣ ፆም ዝዘርጉ ከምንብሎ ማለት እዩ።

**ትርጉማ፡**

ረቢ ሰላምን ሓለዋኡን ይግበረልና `ሞ ንሙስሊም ካብ ኢስላም ናብ ዓብይ ኩፍሪ ዘውፅኡዎ እዮም።

ከምብሓፈሻ ኸ ምቁፃር ይከአል ዶ?
እወ፡

| | | | |
|---|---|---|---|
| ጥርጣረ፡ ፃውዒት ነብዩ ﷺ በፂሑዎም ዘይአመኑ ሰባት ካፊር ንምዃኖም ዝጣራጠር | እምነት፡ ብዜካ ብአላህ ብኻሊእ ጥቅሚ ከምዝርከብ ምእማን | ምግባር፡ ከም ሲሕሪ ዓይነቱ | ቃል፡ ንአላህ ﷻ ወይ ንልኡኹ ከም ምፅራፍ ዘበለ |

ነዞም ዓሰርተ መፍረስቲ ነብዩ ﷺ ዘኪሮሞም ዶ? እንታይ ከ እዩ መርትዖኡ?

እወ! ነዞም ዓሰርተ መፍረስቲ ነብዩ ﷺ ዘኪሮሞም እዮም። እዃ ደአስ መፍረስቲ ኢስላም ኩሎም ካብ ቁርአንን ሓዲሥን መርትዖ አለዎም። ልዑል አላህ ኸምዚ ይብል {ብኸምዚ (እቲ ሓቂን) መንገዲ ዓመፅቲን ብሩህ ንክኸውን ዓናቅፅ ንገልፅ።} (አል አንዓም 55)

መፍረሲ ንዝገበረ ሰብ ዝረአየ ወይ ድማ ዝፈለጠ ኩሉ ዶ ፍርዲ ኩፍሪ ይህበ?

አይኮነን! ብውልቃውነት ካፊር ንምባል`ማ ብፍልጠቶም ዝሰርሑ ናብ ዝኾኑ ሸሪዓዊ ዳያኑ ዑለማታት ምምላስ ግድን እዩ። ልኡኽ አላህ ﷺ ኸምዚ ይብሉ፡ "ዝኾነ ይኹን ሰብ ንሓው <አታ ካፊር!> እንተይሉዎ (እታ ቃል) አብ ሓዲኦም ትዓርፍ።"

ብዛዕባ መፍረስቲ መን ፅሒፉ?

ብዛዕባ ፊቅህ ዝፀሓፈ ኩሉ ትሕቲ "ሙርተድ ዘለዎ ፍርዲ" ዝብል ርእሲ መፍረስቲ ዘኪሩ እዩ። ዓርሱ ዝኸአለ ኪታብ ገይሩ ንምውፃእ ግን ፈላማይ እዩ።

### ብዛዕባ መፍረስቲ በቲ ግብሪን ገባራይን ፍልልይ አሎ ዶ?

እወ! ግድን `ባ! ምኽንያቱ አብ ኩፍሪ ዝዓረፈ ኩሉ ፍርዲ ኩፍሪ ዝዓርፈሉ አይኮነን። ብውልቃውነት ካፊር ንኽበሃል መርትዖ ኽበፅሕን መደናገሪ ኽለዓለሉን ይግባእ። ረቢ ይርሓመሉ `ሞ ዕላማ ናይ ሸይኽ `ውን እዚ ዘይኮነ እተን መፍረስቲ ብምጥንቃቅ ኡመተል ኢስላም ምምይያጥ (ነሲሓ ምግባር) እዩ።

### ብዛዕባ መፍረስቲ ካብ ዝተምሃረ እንታይ ይግባእ?

ሙስሊም ንባዕሉ ክጥንቀቅን ስግኣት ኽሓድረሉን ንኻልኦት `ውን ከጠንቅቅ ይግበኦ። ውልቃዊ ፍርዲ ንምሃቡ ግን ናብ ዓበይቲ ዑለማታትን ሸሪዓዊ ዳያኑን ምምላስ ይግባእ።

ልዑል አላህ ኸምዚ ይብል፡ {ካብ ዓሌትኩም ዝኾነ ዘጓንፈኩም ዝሕይሎ፣ ናታትኩም (ምእማን) ምሒር ድላዩ ዝኾነ ፣ ንአመንቲ ራህራህ አዝዩ ዝሓዝን ልኡኽ ብርግፅ መፂኡልኩም። ንድሕሪት እንተይሎም <አላህ ይአኽለኒ እዩ፤ ብዜካኡ ኻሊእ አምላኽ የለን፤ ብኡ ይምካሕ! ንሱ ናይቲ ዓብይ ዓርሽ ጎይታ እዩ>በል። (ተውባ 128)

## ቀዳማይ መፍረሲ

ብመግዛእቲ ንኣላህ ሽርካ ክትገብረሉ: ልዑል ጎይታና ኸምዚ ይብል {ኣላህ ንዑኡ መሻርክቲ ክግበረሉ ኣይምሕርን እዩ። ካብዚ ወፃኢ ንዘሎ (ሓጢኣት) ንዝደለዮ ይምሕር።...} (ኣን-ኒሳእ 48) ብኻሊእ ቃሉ {...እነሆ! ብኣላህ መሻርኽቲ ንዝገብር ሰብ ኣላህ ጀነት ንዑኡ ብርግፅ ሓራም ገይርዋ። መንበሪኡ ሓዊ እዩ። ንዟሊማት ድማ ረዳኢ የብሎምን} (ኣል-ማኢዳህ 72) ንኻሊእ ኢልካ ምሕራድ `ዉን ካብኡ እዩ። ንኣጅናን ወይድማ ንቀብሪ ከምዝሓርድዎ ዓይነት ማለት እዩ።

## ዓይነታት ሽርኪ

### ንኡሽተይ

እንታይነቱ፡ ኣላህ ሰበብ ንዘይገበሮ ሰበብ ምግባርን ናብ ዓብይ ሽርኪ ዘብፅሕን ኩሉ።

- ካብ መንገዲ (ኢስላም) ኣየውፅእን
- ፍሉይ ስራሕ ጥራይ እዩ ዘጥፍእ
- ደምን ንብረትን ሓላል ኣይገብርን
- ዘልኣለም ጀሃነም ዝገብር ኣይኮነን
- (ካብ ዝፍለየሉ) ብሸሪዓ "ንኡሽተይ" ተባሂሉ ዝተገለፀ
- ብሸሪዓ ሽርኪ ወይ ኩፍሪ እንተተበሃለ `ውን ነቲ ዓብይ ብዝግለፅሉ ቋንቋዊ ኣገላልፃ ብ (ال) ዘይኮነ

### ዓብይ

(ሽይኽ ዝደለይዎ `ውን ነዚ እዩ)

እንታይነቱ፡ ካብ ብዜካ ኣላህ ነዚኣ ዓለም ብምምሕድዳር ሕቡእ ክእለት ከምዘለዎ ወይ ኸዓ ጥቅሚ ምምፃእ ይኹን ሕማቅ ንምትራፍ ብኢዱ ከምዘሎ ምእማን።

- ካብ መንገዲ ኢስላም የውፅእ
- ሙሉእ ስራሕቲ የዕንው
- ደምን ንብረቱን ንዝምልከቶ በዓል ስልጣን ሓላል ይገብረሉ
- ንዘልኣለሙ ኣብ ዉሽጢ ጀሃነም ይገብር
- (ካብ ዝፍለየሉ) ብሸሪዓ "ዓብይ" ተባሂሉ እንተተገሊፁ
- ዓብይ ምኻኑ ብዝሕብር ቋንቋዊ ኣገላልፃ ብ (ال) እንተተሓቢሩ

## ነዚ ዓብይ ሽርኪ ምሕረት ይግበረሉ ዶ?

ዘይተጠዓሰ ከምዘሎ እንተሞይቱ ምሕረት አይግበረሉን። ምኽንያቱ ልዑሉ አላህ ኽምዚ ስለዝበለ፡ {አላህ ንዑኡ መሻርክቲ ክግበረሉ አይምሕርን እዩ።...} (ኒሳእ 48) ተጣዒሱ ተውባ እንተገይሩ ግን ምሕረት ይግበረሉ እዩ። ልዑል ጎይታና ዝስዕብ ስለዝበለ {«ኦ! አንቱም ብነፍስኹም ወሰን ዝሓለፍኩም ባሮት! ካብ ሕዝነት ረቢ ተስፋ አይትቁረፁ፤ አላህ ንሓጢአት ኩሉ ይምሕር እዩ። ንሱ`ኮ ራህራህ ዝሓዝን ጎይታ እዩ።>> በሎም} (ዙመር 53) እዚ ዝኾን ግን ፀሓይ ብመእተዊአ ክሳብ ዘይወፀት እዩ። ነብዩ ﷺ ኽምዚ ስለዝበሉ {"ተውባ ክሳብ ዘይተቋረፀት ሂጅራ ምግባር አይቋረፅን፤ ተውባ(ተጣዒስካ ንስሃ) `ውን አይትቋረፅን ፀሓይ ብመእተዊአ ክሳብ ትወፅእ።"} ወይለ ካብ አፍ ሞት ክሳብ ዝኸውን፤ ማለት ሩሕ ትወፀሉ እዋን። ልዑል አላህ ኽምዚ ይብል {ንስሃ ምቅባል `ውን ሓጢአት ንዝሰርሑን ሞት አብ ዝመፆም እዋን«አነ ሕጅ ተጣዒሰ»ንዝብሉን... አይኮነትን።...}(ኒሳእ 18)

## ዓይነት ኽልኩል ነገራት

| | | | |
|---|---|---|---|
| **ደቀቅቲ** ብሸሪዓ ፍሉይ መቅፃዕቲ ዘይተዘከረሉ ሓጢአት ኩሉ | **ከበድቲ ሓጢአት** ንዝገበረ ርግማን፣ ካብ ራሕመት ጎይታ ምርሓቅ፣ ካብኡ ምፅራይ፣ "ካብ ካፈሮም/ካብቶም ሙሽሪኪን እዩ" ብዝብልን ብዝአምሰሉን መቅፃዕቲ፤ ወይ ድማ ካብ ሙስሊም አይኮነን ዝተበሃለሉ ወይ ኽዓ ምስ ሕማቅ እንስሳት ዝተማሳሰለሉ ኩሉ እዩ። | **ንኡሽተይ ሽርኪ** ካብ ዓብይ ሽርኪ ዝነአሰ ካብ ከቢድ ሓጢአት ግን ዝኸበደ እዩ። | **ዓብይ ሽርኪ** እቲ ከቢድ እዩ። |

| | | | |
|---|---|---|---|
| **ዘለዎ ኢስላማዊ ፍርዲ** ብተውባ ተጣዒስካ ምምላስ ግድን እዩ። ነብዩ ﷺ (በብሓዘኑ ኩሉ እናኸደት ትበኪይ እንተዘይተጣዒሳ...) ብኻሊእ ሓዲሥ (እቶም ከቢዳት እንተተራሒቆም...) ስለዝበሉ | **ዘለዎ ደረጃ** ይፈላለይ፤ ነብዩ ﷺ "ናይ ከቢዳት ኸቢድ (ሓጢአት)..." ስለዝበሉ | **ዝገበሮ ሰብ፡** ኢማኑ ዘይተማልኧ ሙስሊም ወይ ድማ ብኢማኑ ሙስሊም ብሓጢአቱ ኽዓ ዓመፀኛ እዩ። ብመጠን ዘለዎ ኢማን ይፍቶ፤ ብመጠን ዘለዎ ሓጢአት ይፅላእ። ሓጢአቱ አብ ዝገብረሉ እዋን ሓቢርካ አይኽወንን | **ብዝሓቱ** ብቁፀሪ ተዘይተዓ ቀበ `ውን ልዕል ኢሉ ብዝተሓበ ረ መሪሕ ቃል ይዕቀብ |

## ዓይነታት ማሕረድ

**ፍቁድ**

ንስጋ፣ አጋይሽ ንምትእንጋድ፣ ንመሸጣ ኢልካ ምሕራድ

**ብዜካ አላህ ንኻሊእ ኢልካ ምስ ምፍታውን ምዕባይን ምሕራድ**

(ድላይ ሸይኽ `ውን እዚ እዩ)

ዓብይ ሽርኪ እዩ። ንአጅናን ንሰባት ቀብሪ ኢልካ ምሕራድ ከም ማለት እዩ።

**ንአላህ**

እቲ ብሸሪዓ ዝድለ ዓይነቱ እዩ፤ ከም ሃድይ፣ ኡዱሒያን ሶደቃን ዘበለ።

## ኻልአይ መፍረሲ

አብ ሞንጎኡን አላህን ብዱዓ ዝፅውያምም፣ ሽፋዓ (ዕርቂ ረቢ) ዝሓቶም፣ ዝምከሓሎም ዝኾኑ ሞንጎኛታት ዝገበረ ካፊር ንምዃኑ ኢጅማዕ (ሓድነት ድምፂ ዑለማታት) ዘለዎ እዩ።

### ዓይነታት ሽፋዓ (ዕርቂ ረቢ)

**ብዜካ አላህ ኻሊእ ብዘይኽእሎ**

**ዉጉዝ ዝኾነት**

(ድላይ ሽይኽ `ውን እዚ እዩ)

እዚአ አላህ ዉጉዝ ዝገበራን አላህ እምበር ብዘይኽእሎ ሰባት ካብ ብዜካ አላህ ዝደልይዋ እያ፤ ዓብይ ሽርክ ድማ እያ።

**ዝፀንዐት**

አላህ ንባዕሉ ዘፅነዓን ካብ ብዜካኡ ዘይትድለን እያ፤ ዝስዕቡ ቅድመ ኩነታታ እዮም

(1) ንሽፋዓኡ አላህ ዝፈቀደ ምዃኑ

(2) ሽፋዓ ንዝገብሮ ሰብ አላህ ዝፈትወሉ ምዃኑ

(3) ሽፈዓ ንዝግበረሉ `ውን አላህ ዝፈተወሉ ምዃኑ

**ፉጡራት ብዝኽእሉዎ**

አርባዕተ ኩነታት እንተተማሊኦም ይፍቀድ እዩ

(1) ዘሎ/ቀረባ ክኸውን

(2) ብህይወት ዘሎ ምዃን

(3) ዝኽእል ምዃን

(4) ሰበብ ተገይሩ ኽተሓዝ ይግባእ

**ከም ብሓፈሻ ናይ ልኡኻት፣ ነብያት፣ ናይ መልአኽን ናይ ቆልዑትን ሽፈዓ**

(1) ንዝያዳ ደረጃ በዓል ተውሒድ ዝግበር ሽፈዓ

(2) ንዓዛብ ዝተብሃለ በዓል ተውሒድ ንኸይአቱ

(3) ናብ ዓዛብ ዝአተወ በዓል ተውሒድ ንኽወፅእ

**ንነብዩ ﷺ ጥራይ ዝኾነ**

(1) ዓባያ ሽፋዓ

(2) ነብዩ ﷺ አቡጣሊብ መቅፃዕቱ ንክቅነሰሉ ዝገበሩዎ ሽፈዓ

(3) ማዕፆ ናይ ጀነት ንክኽፈት ዝገብሩዎ ሽፋዓ

ዝኾነ ሰብ ንሓው "ዱዓ ግበረለይ" ምባሉ ልክዕ ድዩ?

ምስዚአ ድልየቱ ዝኾነ ዓይነት ዓሚቅ ደላይነት ዘለዎ እንተኾይኑ እዚ ካብ ዓይነታት ንኡሽተይ ሽርኪ ሓደ እዩ። እዚ ዝተደለየ ብህይወት ካብ ዘሎ፣ ቀረባን ዝኽእልን ሰብ ኮይኑ ከም ሰበብ ዝተሓዝ እንተኾይኑ ግን ዝከአል እንተኾነ `ውን ምግዳፉ ይብልፅ።

ተወኩል

ዝተሓንፀፀ ሰበብ ምስ ምብፃሕ ሙሉእ እምነትካ አብ ረቢ ጌርካ ክትተአማመን ማለት እዩ።

**ፍቁድ**

ሙሉእ ዝኾነ (ዓርስኻ ምንእአስ ዝተወሰኸ) ደላይነት ዘይብሉ ኮይኑ ግን ብህይወት ናብ ዘሎን ዝኽእልን ሰብ ዋኒንኻ ምፅጋዕ ማለት እዩ፤ ዝኾነ ነገር ንኽዕድገልካ ተወካሊ ከምትገብሮ ማለት እዩ

**ንኡሽተይ ሽርኪ**

ምስሙሉእ ዝኾነ (ዓርስኻ ምንእአስ ዝተወሰኸ) ደላይነት ብህይወት አብ ዘሎ ሰብ ዋኒንኻ ምፅጋዕ ማለት እዩ፤ንሽሻይካ ዋላ`ኳ ብህይወት ይኹን ልዕሊ ሰበብ ገይሩ ከም ምፅጋዕ ዘበለ።

**ንብዜካ አላህ እንተተዋሂቡ ዓብይ ሽርኪ ዝኾነሉ**

(ድላይ ሽይኽ `ውን እዚ እዩ)

ዓርስኻ ተነአእሰሉን ባርያ ትኾነሉን ዓይነት ተወኩል። ጥቅምን ጉድአትን አብ ኢዱ ከምዘሎ ጌርካ ሙሉእ ዝኾነ ምፅጋዕ። ንሙውታት ዓርስኻ ከምምንእአስን ምፅጋዕን

"ብገለ እፅጋዕ/እምካሕ" ወይለ "መመከሒየይ አላህ ካብኡ ድማ እገለ" ምባል ይከአል ዶ? አየናይ ኸ እዩ እቲ ልክዕ?

"ብገለ እፅጋዕ/እምካሕ" ይኹን "መመከሒየይ አላህ ካብኡ ድማ እገለ" ምባል አይፍቀድን። ምኽንያቱ እዚ ተወኩል ብዜካ አላህ ዘይግበኦ ስራሕ ናይ ልቢ እዩ። እኳ ደአስ እቲ ዝሓሸ "እገለ ተወካሊየይ ገይረ" ማለት `ውን ዋኒነይ ሂበዮ በል። ክምቲ ነብዩ ﷺ `ውን ገለ ብፆቶም ንፍሉይ ይኹን ሓፈሻዊ ዋኒን ይውክሉዎም ዝነበሩ ማለት እዩ።

# ሳልሳይ መፍረሲ

ሙሽሪኪን ካፊር ምዃኖም ዘየተቀበለ፣ ወይ ድማ ካፊር ንምዃኖም ዝትጣራጠረ ወይ `ውን መንገዶም ቅኑዕ ገይሩ ዝሕስብ ካፊር እዩ።

## ሙሽሪኪን ከም ኢስላም ዘለዎም ፍርዲ?

ፃውዒት ነብይና ﷺ በፂሑዎ ዘይአመነ ኩሉ ዓብይ ሽርኪ ዝገበረ ካፊር እዩ። ኣላህ ኸምዚ ስለዝበለ {ካብ ብዜካ ኢስላም ኻሊእ ሃይማኖት ንዝደሊ ሰብ ዝቅበሎ የለን። ብመወዳእታ ዓለም `ውን ንሱ ካብቶም ዝሓሰሩ እዩ።} (ኣሊዒምራን 85)

## አህሉል ኪታብ (ክርስቲያናትን አይሁዳትን) ካብ ሙሽሪኪን ድዮም?

እወ! ብነብዩ ﷺ ዘይአመኑ አህሉል ኪታብ ካብ ሙሽሪኪን እዮም። ኣላህ ኸምዚ ስለዝበለ፡ {ካብቶም መፅሓፍ ዝተወሃቡ ሰባት እቶም ብአላህን ብመወዳእታ መዓልትን ዘይአመኑ፣ አላህን ልኡኹን ሓራም ንዝገበሩዎ ሓራም ዘይገብሩን እቲ ቅኑዕ መንገዲ ዘይተቀበሉን ትሕቲ ሰብ ዝሓሰሩ ኮይኖም ግብሪ ክሳብ ዝኸፍሉ ተቃለሱዎም።} (ተውባ 29) ነብዩ ﷺ ኸምዚ ስለዝበሉ "ብዘዕባይ ሰሚዑ ዘይአመነ ዝመውት ዋላ ሓደ ክርስትያን ወይ አይሁድ የለን ካብ ሰባት ሓዊ ዝኾነ ጥራይ እንተኾነ እምበር"

## እዚ ክበሃል ከሎ ቃል ንዝአተውናሎም ቃልና አይንመልአሎምን ማለት ድዩ?

ቃል ንዝአቶናሉ `ማ ድላይ ረቢ ንኽንረክብ ቃልና ምምላእ ግድን እዩ። ልዑል ኣላህ ኸምዚ ይብል፡ {ንዓኻትኩም ብቃሎም ክሳብ ዝፀንዑልኩም ብቃልኩም ፅንዑሎም። ኣላህ ጥንቁቃት ይፈቱ እዩ።} (ተውባ 7) ሰባት ብመሰረት ምስ ሙሽሪኪን ዘለዎም መነባብሮ ስለስተ ዓይነት እዮም፡

- ብበዓላቶም፣ ብምድላዋቶም፣ ብስነስርዓታቶም ኩሉ ዝሻረኹዎም ሰባት
- ብምቅታል፣ ብዓመፅ፣ ብተንኮልን በትሪን ወሰን ሕልፍ ዝብሉ ሰባት
- አህሉሱና ወልጀማዓህ ዘለዉሉ ማእኸለዋይ መንነት፤ ብአዕያዶምን በዓላቶምን ዘይምሽራኽ፣ ክንድዝሓለውልና ቃሎም ንሕልወሎም፤ ወሰን ዘይሓለፍና ብዕዳጋን መሸጣን ንነባበሮም፤ ናብ ተውሒድ `ውን ፃውዒት ንገብረሎም።

# ራብዓይ መፍረሲ

ዝኾነ ይኹን ዓይነት መምርሒ ካብ ናይ ነብዩ ﷺ መምርሒ ብዝሓሸ ዝተማልኧ ገይሩ ዝአምን፣ ወይ ድማ ናይ ኻልኦት ሕግታት ካብ ናይ ነብዩ ﷺ ሕግታት ዝሓሸ ገይሩ ዝአምን - ከምቶም ስራሕቲ ሰብ ዝኾኑ ሕግታት ካብ ሕጊ ነብይና ﷺ ዘብልፁዎ ዓይነቱ - ካፊር እዩ።

## ዓይነታት ብሰብ ስራሕ ሕግታት ምፍራድ

ሕጊ ናይ ኣላህ ኣይዕርይን ብዝብል እምነት ሰብ ስራሕ ሕጊ ካብ ናይ ኣላህ ሕጊ ምቅዳም እዩ። እዚ እምነት ዘለዎ እንተኾይኑ ካብ ኢስላም ዘውፅእ ዓይነት ዓብይ ኽሕደት ገይሩ ኽሒዱ እዩ። ልዑል ኣላህ ኸምዚ ይብል {ብዜካኡ ኻሊእ ኣምላኽ ዘየለ ጥራይ ንኽግዝኡ እምበር ዘይተአዘዙ ምስ ምዃኖም ፈላጣቶምን መለኩሴታቶምን፣ መሲሕ ወድ መርየም ውን ብዜካ ኣላህ ኣምላኽ ገይሮም ሒዞም። ካብ ዘሻርኹዎ ኩሉ ዝፀረየ እዩ።}(ተውባ 31)

ኣላህ ዘውረዶ ሕጊ ኣፀቢቆም ኽሕዙዎ ዝግባእ ንሃገራት ይኹን ነቶም ሰባት ዝጠቅም ንሱ እዩ ኢሉ ምስ ምእማኑ ሰብ ስራሕ ዝኾነ ሕጊ ንነፍስያኡ፣ ስልጣን ደልዩን ብዝአምሰሉን ምኽንያታት እንተቀዲሙዎ እዚ ከቢድ ዘይኾነ፤ እቲ ንኡስ ዝኾነ ኽሕደትን ዓመፅን እዩ። ብምኽንያት እዚ ሕጊ ናይ ሙስሊም መሰል እንተጥሒሱ ግን ሕልፊ ዓመፅ ይኾነሉ። ከምኡ ውን ናብቲ ካብ መንገዲ ዘውፅእ ዓብይ ኽሕደት ውን ዘብፅሖ እዩ።

# ሓምሻይ መፍረሲ

ነብዩ ﷺ ሒዞም ካብ ዝመፁዎ (መምርሒ) ሓንቲ እኳ እንተፀሊኡ ዋላ ዝሰርሑሉ እንተኾይኑ `ውን ብዘየገድስ ካፊር እዩ።

## ነዚ መፍረሲ መርትዖና

ልዑል አላህ ኸምዚ ይብል፡ {እዚ አላህ ንዘውረዶ ዝፀልኡ ብምዃኖም እዩ። ስለዚ ስራሕቶም አዕነዎ።} (ሙሐመድ 9) ኸምኡ `ውን {ብጎይታኻ ይምሕል! አብ ሞንጎኦም ብዝተካትዑሉ ክሳብ ዘፍርዱኻ፤ ካብኡ ብዝሃብካዮም ፍርዲ ድማ አብ ውሽጦም ሕልኽላኽ ብዘይብሉ ክሳብ ዝቅበሉን ሙሉእ ተአዛዝነት ክሳብ ዝእዘዙን (አይአምኑን እዮም)።} (ኒሳእ 65) ብኻሊእ ቃሉ `ውን {አላህ ንኽምራሕ ንዝደለዮ ልቡ ንኢስላም ዝተፈትሐ ይገብረሉ። ንኽጋገይ ንዝደለዮ ድማ ልቡ ጸቢብን ናብ ሰማይ ንምውፃእ ኽንድዝቃለስን ፅጉም ይገብረሉ። ብኸምዚ አብዞም ዘይአመኑ ረኽሲ ይገብረሎም።} (አልአንዓም125)

## ንአላህ ክትብል ምፍታውን ምፅላእን፡

ንአላህ ክትብል ምፍታውን ምፅላእን ካብ ግቡአት ብሕልፊ ካብ እሙን ናይ ኢማን አግማድ እዩ።

## ንአላህ ኢልና ክንፎቱ ግቡእ ዝኾነልና እንታይ እዩ?

- አላህ ዝሕጎሰሉ **ስራሕ** ፤ እዚ ኸዓ ከምተውሒድ ዓይነቱ ሽሪዓ ዝመፀሉ ኩሉ ማለት እዩ።
- ከም ነብያት፣ ሩሱላት(ልኡኻት)፣ መላእኽቲ፣ ሱሓበታትን ኩሎም ናይ ተውሒድ ሰባትን ዝአምሰሉ **ብኡ ሰራሕቲ** ምፍታው
- ለይለቱል ቀድርን ናይመወዳእታ ሱሉስ ናይ ለይቲ ዝአምሰሉን አላህ ዝፈትዎም **እዋናት**
- መካን መዲና ነብይናን ዝአምሰሉ አላህ ዝፈትዎም **ቦታታት**

ንኣላህ ኢልካ ምፅላኡ ግቡእ ዝኾነ እንታይ እዩ?

| | | | |
|---|---|---|---|
| ኣላህ ዝፀልኦን ዘይደልዮን **ስራሕ**፤ እዚ `ውን ከም ሽርኪ ዓይነቱ ኣላህ ዝኸልከሎ ኩሉ እዩ። | ከምሙሽሪኪን፣ ሙናፊቅን ሽያጢንን ዓይነቱ **ሰራሓይ** | ከምታ ፀሓይ ትምለኽሉ ዓይነቱ ረቢ ዝፀልኦ **እዋን**፤ | ሽርካ ከምዝግበረሉ ዓይነቱ ኣላህ ዝፀልኦ **ቦታ** |

ጓል ኣነስተይቲ ናይ ሰብኣይ መርዓት ምብዛሕ እንተፀሊኣ ኽሒዳ `ዶ ትበሃል?
እቲ ወድዓዊ ሓቂ ጓል ኣነስተይቲ ነቲ ሸሪዓዊ ዝኾነ ሕጊ ኣይትፀልእን፤ ይኹን ደኣ `ምበር ሰብኣያ ኣብ ልዕሌኣ ኽምርያ ኣይትደልይን፤ እዚ ድማ ዘይትንቀፈሉ እዩ።

# ሻድሻይ መፍረሲ

ካብ ነብዩ ﷺ ሃይማኖት ብዝኾነ ነገር ወይ ድማ ብዓስቢ ረቢ ወይ `ውን ብመቅፃዕቱ ዝሕጭጭ ካፊር ኮይኑ እዩ፤ ነዚ መርትያና ዝስዕብ ቃል አላህ እዩ : {...«ብአላህ፣ ብዓናቅፁን ብልኡኹን ትሕጭጩ ዲኹም ኔርኩም?» በሎም። (65) ሰበብ አይትግበሩ፤ ብርግፅ ድሕሪ ምእማንኩም ኽሒድኩም ኢኹም።...} (አት-ተውባህ 65-66)

## ዝሕጭጭ ሰብ፡

### ትርጉሙን ዘለዎ ፍርዲን

ምሕጫጭ ማለት ዝኾነ ሰብ ዘለዎ ነገር ንሰባት መስሐቂ ምግባር ማለት እዩ። ዝሕጭጭ ሰብ ወይ ድማ ፀራፊ ሰብ ዘለዎ ፍርዲ ሓቂ ናይ ዝገደፈ ካፊር ዓይነት ካብ መንገዲ ዘውፅእ ኽሕደት ኽሒዱ እዩ። ባዕሉ ድማ - ረቢ ይሓልወና `ምበር- ንዘልአለም አብ ውሽጢ ጀሃነም ይነብር።

ኽፅረፍ ዝሰምዐ `ውን ንኽነቅፍ ወይ ከዓ ካብቲ ኽባቢ ክርሕቅ ይግባእ፤ ብዘይ ምንቃፍ ዝርኢ ከም ፀብፃቢ ዓይነቱ `ውን ኽምኡ እዩ። ልዑል አላህ ኽምዚ ስለዝበለ {ዓናቅፅ ናይ አላህ ክኽሕዱላን ክሕጭጩላን እንተሰሚዕኹም ብኻሊእ ዕላል ክሳብ ዝኾኑ ምስኦም ኮፍ አይትበሉ። ሽዑ ንስኹም `ውን ከማቶም ኢኹም ፤ ዝብል አብ ልዕሌኹም አብ ዉሽጢ መፅሓፉ አውረደ።...} (ኒሳእ 140)

### ናቱ ተውባ ተቀባልነት ዝረክብ ብዝስዕቡ ቅድመ ኩነታት እዩ፡

- ንአላህ ብዝግባእ ኽሞጉስ
- ኽሕጭጭ ካብ ዝነበረሉ ንባዕሉ ኽፅረይ
- ምእንታን ሓቀኛ ምኧኑ ንርዳእ ጣዕሳኡ ብሩህ ምግባር

ንልኡኽ አላህ ዝፀረፈ ግን ዋላ እቲ ጣዕሳኡ አላህ ዝቅበሎ እማኑ እንተኾነ `ውን ሓላፍነቱ ዘለዎ ሰብ ግን ይቀትሎ እዩ።

---

ዘረባኡ ብተዘዋዋሪ ኩፍሪ ዘትሕዝ እንተነይሩ ኽ ካፊር ይኽውን ድዩ?

ብሩህ ይግበረሉ `ሞ እንተተጣዒሱ ንገድፎ ፤ እንተዘይኾነ ግን ዋኒኑ ናብ ሸሪዓዊ ዳያኑ (ቃዲ)ን ዓበይቲ ዑለማታትን ይለዓል።

# ሸውዓይ መፍረሲ

ሲሕሪ - ከምኒ መስተፋቅርን መስተፃርርን ዓይነቱ `ውን የጠቃልል - ወይ ዝሰርሖ ወይ ድማ ዝፈተወ ካፊር እዩ። ነዚ መርትዖና ዝስዕብ ልዑል ቃል አላህ እዩ: {«ንሕና ፈተና (ጥራይ) ኢና አይትኽሓዱ» ክሳብ ዝብሉ ወላ ሓንቲ አየምሀሩን።} (አል በቀራህ 102)

## ሲሕሪ

### ዘለዎ ፍርዲ

ሲሕሪ ዓብይ ኩፍሪ እዩ፤ ልዑል አላህ ኸምዚ ስለዝበለ {... «ንሕና ፈተና (ጥራይ) ኢና አይትኽሓዱ» ክሳብ ዝብሉ ወላ ሓንቲ አየምሀሩን።...} (አልበቀራ 102)

### ምልክታት ሳሒር(ጠንቋሊ)

- ምጥሓስ ቅድመ ኩነታት ሸሪዓዊ ሩቃ
- ቁርፅራፅ ፊደላት ምፅሓፍ፤ ብዘይፍለጥ ቋንቋ እሂን ምሂን ምባል
- ኮኾብ ምርአይ፣ ከብዲ ኢድን ፉንጀንን ምንባብ
- እናአሰሩ ቱፍ ምባል
- መስተፋቅርን መስተፃርርን
- ሕሙም ሓራም ንኽገብር፤ ሰላት ንኽገድፍ ወይለ ቢስሚላህ ዘይበለ ማሕረድ ንኽሓርድ ምእዛዝ
- ሽም አዶ ምሕታት
- ዒልመል ቀይብ (ካብ ስምዒት ህዋሳት ንላዕሊ ዝኾነ ፍልጠት) ይፈልጥ እየ ምባል

### ናብ ጠንቋሊ ምኻድ ዘለዎ ፍርዲ

ናብ ጠንቋሊ ምኻድ ክንብል ከለና ምስኡ ኮፍ ምባል ፤ ወይለ ሰብ ወይ ኸዓ ደብዳቤ ምልአኹ እዩ። ከምኡ `ውን "ስነ ኸዋክብቲ"፣ ንባብ ከብዲ ኢድን ፉንጀንን ዝመሓላለፈሉ ቲቪ፣ ዌብሳይት፣ ጋዜጣ ምርአይ `ውን ኸምኡ እዩ። ከምቲ ብሓዲሥ ዝመፀ ናብ ጠንቋሊ ዝኸደ ሰብ ሰላት አርባዓ መዓልቱ መቅቡል አይኾነሉን፤ ብዘዕባ ዝተዛረቦ እማን ኢሉ ዝተቀበለ ግን ነቢዩ ﷺ ኸምዚ ኢሎም እዮም። {ናብ ጠንቋሊ ከይዱ ንዝተዛረቦ እማን ኢሉ ዝተቀበለ አብ ልዕሊ ሙሓመድ ብዝወረደ (መምርሒ) ኽሒዱ እዩ።} ካብዚ ናፃ ዝኸውን ንምንቃፍ ዝኸደ ጥራይ እዩ።

**ሲሕሪ ምዕናው**

እዚ ክንብል ከለና ሲሕሪ ካብ ዝተገበረሉ ሰብ ዝተገበረሉ ሲሕሪ ምፍታሕ ማለት እንትኸውን፤ ዓይነታቱ ድማ፡

**ኽልኩል**

ዝኾነ ዓይነት ሲሕሪ እንተሊይዎ፤ ብዛዕባኡ ነብዩ ﷺ {ካብ ስራሕቲ ሸይጣን እያ} ኢሎም እዮም

**ሸሪዓዊ**

ስርዓት ሸሪዓ ብዝሓለወ ሩቃ፣ ፍቁድ ብዝኾነ መድሓኒትን ብዱዓእን ዝግበር እዩ።

## ሻምናይ መፍረሲ

(ኣብ ሞንጎ ፅልኢ ሙስሊማትን ሙሽሪኪንን) ንሙሽሪኪን ኣብ ልዕሊ ሙስሊሚን ሓገዝን ረድኤትን ምግባር። መርትዖና ዝስዕብ ቃል ኣላህ እዩ፡ {...ኣብ ሞንጎኹም ረዳኢ ገይሩ ዝሕዞም ንሱ ምስኦም እዩ። ኣላህ ዓመፅቲ ዝኾኑ ህዝብታት ኣየቅንዕን።}(ኣል ማኢዳህ 51)

### ንሙሽሪኪን ኣብ ልዕሊ ሙስሊሚን ሓገዝ ምግባር

ዝኾነ ሙስሊም ግቡኡ ካብ ሙሽሪኪን ምስቲ ሃይማኖቶም ምፅራይን ብናታቶም ሃይማኖት ምኽሓድን ከምኡ`ውን ሰባት ተውሒድ ምስ ሃይማኖቶም ምፍታው እዩ። ኩፍሪ ዝፈተወ ወይለ ዝተሓጎሰሉ ወይ`ውን በቲ ዘለውሉ ሓገዝ ዝገበረ ካብ መንገዲ ኢስላም ብዘውፅእ ዓይነት ዓብይ ምኽሓድ ካፊር ኮይኑ እዩ።

ከምቲ ዘሎ ወድዓዊ ሓቂ ንሙሽሪኪን ሓገዝ ምግባር ከማና ክልተ ዓይነት እዩ፡

**ካብ መንገዲ ኢስላም ዘየውፅ**
ብዜካ ንሙሽሪኪን ምፍታውን ንሙስሊሚን ምፅላእን ዘይኾነ ንዱኒያዊ ረብሓ

**ድሕሪ እምነት ምጥላምን ኩፍሪን ዝኾነ**
ንሙሽሪኪን ብምፍታውን ንሙስሊሚን ብምፅላእን ልዑል ምኟኖም ብምድላይን ንሙሽሪኪን ልዕሊ ሙስሊሚን ንክኾኑ ሓገዝ ምግባር

## ታሽዓይ መፍረሲ

ልክዕ ከምቲ ኸዲር ካብ ሙሳ ﷺ ሸሪዓ ወፂኡ ዝነበረ ንገለ ሰባት`ውን ካብ ነብዩ ሙሓመድ ﷺ ሸሪዓ ኽወፁ ይኽእሉ እዮም ኢሉ ዝኣምን ካፊር ኮይኑ እዩ።

ገለ ሰባት ካብ ሽሪዓ ሙሓመድ ﷺ ኽወፁ መሰል አለዎም ኢሉ ዝአምን፡

ብመሰረት ሓድነት ቃል ዑለማታት ኢስላም ካብ መንገዲ ዘውፅእ ዓይነት ዓብይ ኩፍሪ ኽሒዱ እዩ። ብሩህ ተገይሩሉ ተጣዒሱ ዝምለስ እንተኾይኑ ተውባ ንኽገብር ይሕተት እንተአብዩ ይቅተል። ልዑል አላህ ኸምዚ ይብል፡ {(ኦ! አንታ ሙሐመድ!) በሎም ኢኻ፡- «ኦ! አንቱም ሰባት! አነ ናብ ኩላትኹም ዝተለአኽኩ ልኡኽ እየ።} (አል አዕራፍ 158) ነብይ ﷺ `ውን ኸምዚ ኢሎም "ሓወይ ሙሳ ብህይወት ተዝህሉ ኔሩ ብዜካ ንዓይ ምስዓብ መማረፂ አይምሃለዎን ኔሩ።"
ፃውዒት ነብዩ ﷺ ዝበፅሖም አህሉል ኪታብቲ `ውን በዚ ይጠቃለሉ እዮም፤ ከምቲ አቀዲምና ዝረአናዮ ሙሽሪክ ብምኳኖም። ኽዲር ካብ መንገዲ ሙሳ ወፂኡ ድዩ `ኸ? ናይ ኽዲር ካብ መንገዲ ሙሳ ምውፃእ ፅኑዕ አይኮነን። እንተፀኒዑ `ውን ምናልባሽ ካብ ህዝቢ ሙሳ ስለዘይኾነ ክኸውን ይኽእል። ነብይ ዝለአኽ ናብ ህዝብታቱ ጥራይ እዩ ኔሩ፤ ነብይና ﷺ ድማ ናብ መላእ ወድሰብ ዝተለአኹ ብምኳኖም ዝኾነ ሰብ ካብ መምርሒኦም ኽወፅእ አይግበኦን።

## ዓሽራይ መፍረሲ

ብዘይመሃሮን ብዘይሰርሖሉን ካብ ዲን ናይ አላህ ዝባኑ ዝሃበ። ነዚ መርትዖና ዝስዕብ ቃል አላህ እዩ: {ብዓናቅፅ ጎይታኡ ካብ ዝተዘከረን ካብኡ ዝባኑ ካብ ዝሃባን ሰብ ንላዕሊ ዝበለፀ ዓመፀኛ መን አሎ? (የለን)፤ ንሕና ካብ ዓመፅቲ ግብረ መልሲ ወሃብቲ ኢና} (ሰጅዳህ 22)

ንዲን አላህ ዝባን ምሃብ፡

ልኡኽ አላህ ኸምዚ ኢሎም፡ "አላህ ኽይሪ ንዝደለየሉ ፍልጠት ቀሊል ይገብረሉ"። ብኻሊእ አበሃህላ ኽይሪ ንዘይደለየሉ ድማ ዲን ካብ ምምሃር ይዘናጋዕን ዝባኑ ይህብን። ልዑል አላህ ኸምዚ ኢሉ፡ {ብዓናቅፅ ጎይታኡ ካብ ዝተዘከረን ካብኡ ካብ ዝገደፋን ሰብ ንላዕሊ ዝበለፀ ዓመፀኛ መን አሎ? (የለን)፤ ንሕና ካብ ዓመፅቲ ግብረ መልሲ ወሃብቲ ኢና} (ሰጅዳህ 22) ሰባት ጀሃነም ድማ -ረቢ ይዓቁበና `ሞ- እቶም ዓመፅቲ እዮም።

ዝባን ምሃብ ከም ኢስላም ዘለዎ ፍርዲ

ካብ ነብዩ ﷺ ዝባን ምሃቡ ብምስማዕ ኮነ ብልቡ ሓቅን ሓሶትን ዘይበለ ብሰንኪኡ ፈታውን ፀላኢን ዘይፈጠረ ሒዞሞ ንዝመፁዎ ቆላሕ እኳ ብዘይብለሉ እንተኾይኑ በቲ ካብ መንገዲ ብዘውፅእ ዓይነት ዓብይ ኽሕደት ካፊር ኾይኑ እዩ።

ልዑል ኣላህ ኸምዚ ኢሉ፡ {ንዐኦም፡- «ኣላህ ናብ ዘውረዶ (ቁርኣን)ን ናብ ልኡኹን ምፁ» ኣብ ዝበሃሉሉ እዋን ሙናፊቃት ካባኻ ምግላብ ኽገልቡ ትሪኦም።} (ኒሳእ 61) ኸምዚ `ውን ይብል፡ {ካብ ጎይታኡ መዘከርታ ዝባን ዝህብ ሓያል መቕፃዕቲ ይግበኦ} (ጅን 17)

## መዘዘሚ ናይ ሸይኽ

ተገዲዱ ክሳብ ዘይኮነ ነዞም ኣፍረስቲ ዝገብር ብዕላል ይግበሮ ብዕሊ ወይ ኸዓ ፈሪሑ ፍልልይ የብሉን። ኩሎም ድማ ሓደገኛ ዝኾኑን ንብዙሕ ግዜ ዝረኣዩን እዮም። ሙስሊም ዝኾነ ሰብ `ውን ክጥንቀቅን ካብ ባዕሉ ስግኣት ክሓድረሉን ይግባእ። ቁጠዐን ናቱን ዘሳቒ መቕፃዕቱን ካብ ዘስዕብ ብኣላህ ንሕሎ። ሶለዋት ረቢና ካብ መላእ ፍጥረት ብሉፅ ብዝኾኑ፣ ብስድራኦምን ብብፆቶምን ይኹን።

### ኣብ ሞንጎ እዚኦም መፍረስቲ ፍልልይ የብሉን፡

**ፈራሕ**

ዋላ ሓንቲ ዘገደዶ ነገር ዘይብሉ ብሓሶት ኣብ ገንዘቡ ወይለ ኣብ ዘለዎ ደረጃ ንዝበፅሕ ሓደጋ ፍርሒ ኸምዝገበሮ ሰበብ ዝገብር እዩ። ልዑል ኣላህ ኸምዚ ይብል፡ {ኣብ ሞንጎ ሰባት ‘ብኣላህ ኣሚንና ዝብል ኣሎ። ብኣላህ (ብምእማኑ) እንትዕመፅ ናይ ሰባት ፊትና ከም መቕፃዕቲ ረቢ ይገብር። ካብ ጎይታኻ ረድኤት እንተመፂኡ ድማ ‘ንሕና `ኮ ምሳኹም ኢና ኔርና’ በሃልቲ እዮም። ኣላህ በቲ ኣብ ውሽጢ ዓለም ንዘሎ ዝፈልጥ ኣይኾነን ዶ ኾይኑ?!} (ኣል ዓንከቡት 10)

**ናይ ብሓቂ**

እዚ ዝኾነ መፍረሲ ብድልየቱ ጌሩ እኹል ምኽንያት ዘይብሉ እዩ።

**ብዕላልን ቀልድን፡**

ዝኾነ መፍረሲ ይገብርሞ ብዕላል መመኻነይ ዝገብር እዩ።

## ምግዳድ

ተገዲዱ ካብ መፍረስቲ ዝገበረ ካፊር አይኾንን። ተገዲዱ ብዝብል ዑዝሪ ዝኾኑዎ እኹል ምኽንያታት ድማ እዞም ዝስዕቡ እዮም፡

1. ናይ ብሓቂ ዝተገደደ ክኸውን፤ ፈራሕ ወይ ድማ ዘይግደሰሉ እንተኾይኑ ዑዝሪ አይህልዎን።
2. ወሰን ዘይምሕላፍ፤ ንአብነት ብምፅራፉ ካፊር ዝኾነሉ ሓደ ውልቀሰብ ሰብ ንኽፀርፍ አገዲዶሞ ልዕሊ ሓደ ምፅራፍ ኩፍሪ ይኾነሉ፤ ምኽንያቱ ተገዲዱ ዝነበረ ንሓደ ሰብ ጥራይ እዩ ኔሩ።
3. ክንድ ኽእለቱ ኽፃረር፤ ትኽ ኢሉ ናብ ዝኾነ ኩፍሪ ንዘይምእታው
4. ልቡ ብኢማን ርጉእ ክኸውን፤ ማለት ዋላ ብቃሉ ይበሎ በቲ ብልቡ ዘሎ ግን ርጉእ ኢማን ክኸውን
5. ዝተገደደሉ ናብ ኻልኦት ዝመሓላለፍ ፈሳድ ወይ ድማ ንሰባት ምግጋይ ከይህልዎ

## አገደስቲ መዘኻኽሪታት

**ቀዳማይ፡** በዚ ኺታብ ናይ ሸይኽ ድላይ ሰባት ካፊር ምግባር አይኮነን፤ እኳ ደአስ ሰባት ንኽፈልጡ፣ ካብኡ ንክርሕቁዋን ጥንቁቃት ንክኾኑን እዩ። ሰባት እንተርሒቆሟ ዘለዎም ኢማን ልክዕን ካብ መሳቀይ መቅፃዕቲ `ውን መድሐኒን ይኾኖም። ከምቲ ኻልኦት ሰባት `ውን ንክርሕቁዋ ኽገብሩ ከምዝግበኦም። ንሳ ሰባት ንኽፈልጡዋን ንክርሕቁዋን ዝግበአ ዝኾነት ዓባይ ሓደጋ እያ።

**ኻልአይ፡** ናይ ሙስሊም ካብ ሽርኪ ምርሓቅ ሽሪዓዊ ዝኾነ ፍልጠት ብምርካብ እዩ። ነብዩ ﷺ ኽምዚ ይብሉ "አላህ ኸይሪ ንዝደለየሉ ዒልሚ ቀሊል ይገብረሉ"። ዲንኻ ምርዳእ ካብ ዓበይቲ ግቡኣት ሓደ እዩ። ብምኽንያት እዚ ወድ ሰብ ንባዕሉ ካብ ሽርኪ፣ ቢድዓን ዓመፅን ይዕቆበሉ። ኩልሻብ ብዛዕባ ጎይታኡ ዘለዎ ፍልጠት ክንድዝወሰኸ ብስርሑን ኩነታቱን ኩሉ አላህ ንዑኡ ንዘለዎ ምቁፅፃር ግዙእ ምኺኑ ይውስኽ። ወድሰብ ብፍልጠት ልዕል ብዝበለሉ ልክዕ ኢኽላሱ ውን ይውስኽ ኢማኑ `ውን ዝተማልኸ ይኸውን። ገለ ዑለማታት ኽምዚ ይብሉ "ፍልጠት ንኻሊእ ኢልና ደሊና ንአላህ እንተዘይኾይኑ ኢሉ `ምበር አብዩና"።

**ሳልሳይ፡** ውልቀሰብ ካብዚኦም መፍረስቲ በቲ ሓደ ዓሪፉ መርትዖ ጠጠው ተገይሩሉ ካፊር ዝብል ፍርዲ ካብ ምሃብ ዝዕቅብ ኽምዘየለ ክሳብ ዘይተረጋገፀ ካፊር ኽበሃል አይኽእልን። ነዚ ፍርዲ ዝህብ `ውን ንሙስሊሚን ዘመሓድር አሚር ወይ ድማ ከም ቃዲ (ዳኛ) ዓይነት ናቱ መተካእታ ክኸውን ይግባእ። መብዛሕቱ ማሕበረሰብ ግን ብኽምዚ ዓይነቱ ዛዕባ ኢዱ ኸእቱ አይግበኦን።

**ራብዓይ፡** ሸይኹ ረቢ ይርሓመሉ `ሞ ኪታቡ ኽምዚ ብምባል ብዱዓ ዛዚሙ። "ቁጠዐ ናቱን ዘሳቂ መቅፃዕቱን ካብ ዘስዕብ ብአላህ ንሕሎ።" እዚ `ውን ንተምሃሮታቱ ብዘለዎ ሰናይ ሓሳብን ራህራህ መንነትን እዩ። ረቢ ይምሓሮን ዓስቢ ናቱ የብዝሐሉን `ምበር ብኹሉ ፅሑፋቱ ኽምዚ እዩ።

## ዓርስኻ ፈትን

ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት በቲ ዝተወሃበ ቦታ መልሲ ሃበሎም

1. ዑለማታት ንምንታይ እዮም ብቢስሚላህ ዝጅምሩ?

   (1)..........................................................................

   (2)..........................................................................

   (3)..........................................................................

   (4)..........................................................................

2. መፍረስቲ ኢስላም እንታይ ማለት እዩ?

   ..........................................................................

   ..........................................................................

3. ዑለማእ ንምንታይ እዮም ሓደ ሓደ ጊዜ መፍረስቲ፣ ሓደ ሓደ ጊዜ ድማ መዝረግቲ ኻሊእ ጊዜ ኸዓ መዕነውቲ ብዝብል ዝገልፁዎ?

   ..........................................................................

   ..........................................................................

4. እዞም መፍረስቲ ሓድነት ዑለማታት ዘለዎም ድዮም?

   ..........................................................................

   ..........................................................................

5. እዞም መፍረስቲ ብቁፅሪ ወሰን ዘለዎም ድዮም?

-ወሰን አለዎም -ወሰን የብሎምን - ብቁፅሪ ዘይኾነ ከም ብሓፈሻ ወሰን አለዎም

6. ንምንታይ ደአ`ሞ ሸይኽ ዓሰርተ እዮም ኢሎም?

..........................................................................................

..........................................................................................

7. ብቁርአንን ብሓዲሥን ዝተጠቅሰ ቁፅሪ ትርጉም ይህልዎ ዶ? ማለት አይውሰኽሉን?

..........................................................................................

..........................................................................................

8. ንምታይ ከ እዩ ሓደ ሓደ ጊዜ ቁፅሪ ተዘኪሩ ግን ትርጉም ዘይህልዎ?

..........................................................................................

..........................................................................................

9. ቁፅሪ ተዘኪሩ ትርጉም ንዘለዎ አብነት ግበር?

..........................................................................................

..........................................................................................

10. ቁፅሪ ተዘኪሩ ትርጉም ንዘይብሉ አብነት ግበር?

..........................................................................................

..........................................................................................

11. ሸይኽ ልዕሊ ዓሰርተ መፍረስቲ ከምዘለው ይአምን ዶ?

..........................................................................................

..........................................................................................

12. ካብ አበሃህላኡ አየናይ እዩ ነዚ ዘትሕዘና?

..........................................................................................

..........................................................................................

13. ንመፍረስቲ ወሰን ምግባር ይከአል ዶ?

..........................................................................................

..........................................................................................

14. ንመፍረስቲ ኸመይ ወሰን ምግባር ይከኣል?

(1)..................................................................

(2)..................................................................

(3)..................................................................

(4)..................................................................

15. ንምንታይ ኢና ብዛዕባ መፍረስቲ ንመሃር?

..................................................................

..................................................................

16. ብዜካ ሽይኽ ብዛዕባ መፍረስቲ ዝፀሓፈ ኣሎ ዶ?

..................................................................

..................................................................

17. ብዛዕባ መፍረስቲ ኣብ ሞንጎ ስርሑን ሰራሒን ፍልልይ ኣለዎ ዶ?

..................................................................

..................................................................

18. ብኸመይ ይፈላለዩ?

..................................................................

..................................................................

19. ሽይኽ ብዛዕባ መፍረስቲ ብምዝካሩ ድላዩ ሰባት ካፊር ምግባር ድዩ?

..................................................................

..................................................................

20. ብዛዕባ መፍረስቲ ካብ ዝተመሃረ እንታይ ትፅቢት ይግበር?

..................................................................

..................................................................

21. ሽይኽ ብፍላይ ዝደለዮ ኣየናይ ዓይነት ሽርኪ እዩ?

…………………………………………………………………………………

…………………………………………………………………………………

22. ኣብ ሞንጎ ዓብይ ሽርኪን ንኡስ ሽርኪን ከመይ ንፈሊ?

…………………………………………………………………………………

…………………………………………………………………………………

…………………………………………………………………………………

…………………………………………………………………………………

…………………………………………………………………………………

…………………………………………………………………………………

23. ዓብይ ሽርኪ ዝገበረ ሰብ ጣዕሳኡ (ተውባኡ) መቕቡል ድዩ? መዓዝ ከ እዩ መቕቡል ዘይኸውን?

…………………………………………………………………………………

…………………………………………………………………………………

24. ኣየናይ ኸ እዩ እቲ ኸቢድ ንኡስ ሽርኪ ወይለ ከቢድ ሓጢኣት?

…………………………………………………………………………………

…………………………………………………………………………………

25. ንሓጢኣት ከቢድ ምኺን መለክዒኡ እንታይ እዩ?

…………………………………………………………………………………

…………………………………………………………………………………

26. ከበድቲ ሓጢኣት ብቑፅሪ ወሰን ኣለዎም ዶ?

…………………………………………………………………………………

…………………………………………………………………………………

27. ከቢድ ሓጢአት ዝሰርሐ ሰብ ዘለዎ ፍርዲ እንታይ እዩ? ንፈትዎ ዶ ንፀልኦ?

..............................................................................

..............................................................................

..............................................................................

..............................................................................

28. ከቢድ ሓጢአት ምስ ዝሰርሐ ሰብ ዕላል ይግበር ዶ?

..............................................................................

..............................................................................

29. ከበድቲ ሓጢአት ብደረጃ ይፈላለዩ ድዮም? እንታይ ከ እዩ መርትዖኡ?

..............................................................................

..............................................................................

30. ከበድቲ ሓጢአት ብሰናይ ስራሕቲ ይጠፍኡ ድዮም? ወይለ ተውባ ግድን እዩ?

..............................................................................

..............................................................................

31. ኽልኩል ነገራት ክንደይ ዓይነት እዮም?

..............................................................................

..............................................................................

32. ዓይነታት ዓብይ ሽርኪ ግለፅ

(1)..........................................................................

(2)..........................................................................

(3)..........................................................................

(4)..........................................................................

33. ዓይነታት ማሕረድ ግለፅ

(1)..........................................................................

(2)………………………………………………………………

(3)………………………………………………………………

34. መዓዝ እዩ ማሕረድ ኣብ ዓብይ ሽርኪ ዝኸውን?

………………………………………………………………

………………………………………………………………

35. ዓይነታት ሽፈዓ ግለፅ

(1)………………………………………………………………

(2)………………………………………………………………

(3)………………………………………………………………

36. ተወኩል እንታይ እዩ?

………………………………………………………………

………………………………………………………………

37. ተወኩል ናብ ክንደይ ይምቀል?

(1)………………………………………………………………

(2)………………………………………………………………

(3)………………………………………………………………

38. "ብገለ እፅጋዕ/እምካሕ" ይኹን "መመከሒየይ ኣላህ ካብኡ ድማ እገለ" ምባል ልክዕ ድዩ?

- ልክዕ እዩ - ልክዕ ኣይኮነን

39. እንታይ ከ እዩ ኽብል ዝግበኦ?

………………………………………………………………

………………………………………………………………

40. ሙሽሪኪን ካፊር ንምኧኖም መርትዖኡ እንታይ እዩ? ኣህሉል ኪታብ ከ ከማቶም ድዮም?

……………………………………………………………………………………

……………………………………………………………………………………

41. እዚ ክበሃል ከሎ ቃል ንዝአተውናሎም ቃልና አይንመልአሎምን ማለት ድዩ?

……………………………………………………………………………………

……………………………………………………………………………………

42. ሰባት ከም ቃል ምእታው ናብ ኽንደይ ይምቀሉ?

(1)……………………………………………………………………………

(2)……………………………………………………………………………

(3)……………………………………………………………………………

43. ስራሕ ሰብ ብዝኾነ ሕጊ ፍርዲ ምሃብ ናብ ኽንደይ ይምቀል?

……………………………………………………………………………………

……………………………………………………………………………………

44. ንአላህ ኢልኻ ምፍታው ከም ኢስላም ዘለዎ ፍርዲ እንታይ እዩ?

……………………………………………………………………………………

……………………………………………………………………………………

45. ንአላህ ኢልና ንፈትዎ መን እዩ? ንአላህ ኢልና ንፀልኦ ኸ መን እዩ?

……………………………………………………………………………………

……………………………………………………………………………………

46. ዝሕጭጭ ሰብ ካብ አየናይ ዓይነት ኩፍሪ ይኸውን?

……………………………………………………………………………………

……………………………………………………………………………………

47. ንዝሕጭጭ ሰብ (ቅድሚ ቃዲ) ተውባ አለዎ ዶ? ቅድመ ኩነታቱ ኸ?

(1)……………………………………………………………………………

(2)……………………………………………………………………………

(3)..............................................................

48. ንነብዩ ﷺ ዝፀረፈ ሰብ ዘለዎ ፍርዲ እንታይ እዩ?

..............................................................

..............................................................

49. ፀርፊ (ኲፍሪ) ዝሰምዕ ሰብ ዘለዎ ፍርዲ እንታይ እዩ?

..............................................................

..............................................................

50. ሳሒር ካፊር ንምዃኑ መርትዖኡ እንታይ እዩ?

..............................................................

..............................................................

51. ምልክታት ሳሒር እንታይ እንታይ እዮም?

..............................................................

..............................................................

52. ናብ ጠንቋሊ ምኻድ ዘለዎ ፍርዲ እንታይ እዩ?

..............................................................

..............................................................

53. ናባታቶም ብኸመይ `ሞ እዩ ዝኸየድ?

..............................................................

..............................................................

54. ዓነታት ሲሕሪ ብሲሕሪ ምዕናው ግለፅ?

(1)..............................................................

(2)..............................................................

55. ሲሕሪ ብሲሕሪ ምዕናው ይከኣል እዩ ንዝብል ከመይ ንመልሰሉ?

(1)..............................................................

(2)..................................................................................

(3)..................................................................................

(4)..................................................................................

(5)..................................................................................

(6)..................................................................................

(7)..................................................................................

(8)..................................................................................

56. ንሙሽሪኪን ምሕጋዝ ዘለዎ ፍርዲ እንታይ እዩ?

..........................................................................................

..........................................................................................

57. ንዝኾነ ይኹን ሰብ ካብ ሸሪዓ ሙሓመድ ﷺ ምውፃእ ይፍቀድ ድዩ?

..........................................................................................

..........................................................................................

58. ኸዲር ካብ (መምርሒ ናይ) ሙሳ ወፂኡ ድዩ?

..........................................................................................

..........................................................................................

59. (ንሃይማኖት ኢስላም) ዝባንኻ ምሃብ ዘለዎ ፍርዲ እንታይ እዩ?

..........................................................................................

..........................................................................................

60. ከም አበሃህላ ሸይኽ ፈራሕ ኽብል ከሎ እንታይ ንምባል እዩ? ዝተገደደ ንምባል ድዩ?

..........................................................................................

..........................................................................................

61. ቅድመ ኩነታት ምግዳድ ግለፅ

(1)..................................................................................

(2)..................................................................................

(3)..................................................................................

(4)..................................................................................

(5)..................................................................................

62. ብዱዓ ምዝዛሙ እንታይ ኣምፂኡዎ?

..................................................................................

..................................................................................

63. ሓደ ሙስሊም ከመይ እዩ ካብ ባዕሉ ሽርኪ ዝፈርሕ?

..................................................................................

..................................................................................